ኢፕድ
# ወጋሕታ
4ይ ዓመት ቑፅሪ 39 2 ነሓሰ 2016 ዓ.ም
ሓሙስ
ብር 10.00

# ረብሓታት ምምሕያሽ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ



ኣብረሃ ሓጎስ

ትንታነ ዜና

ፀገም ሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ኣብ ብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ካብ ዘጋጥመን ብድሆታት ሓደ 'ዩ ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪካ ጎሊሁ ዝርኣይ ፀገም እናኾነ ይመፅእ ኣሎ። ኢትዮጵያውን እንተኾነት ንዝሓለፉ ዓመታት ካብዚ ፈተና ወፃኢ ኣይነበረትን። ሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ካብ እዋን ናብ እዋን እናወሰኸ ዝመፅኣሉ ኩነታት ኢሉ 'ውን ኣብ ናህሪ ዕዳጋ እታ ሃገር ልዑል ፅዕንቶ እናፈጠረ ዝመፅኣሉ ኩነታት ነይሩ 'ዩ።

ከምዝፍለጥ ኣብ ዓለም ዝተፈላለዩ ስርዓት ሸርፊ ወፃኢ ዘለው ኾይኖም፤ ካብዚኦም ውሽጢ ድማ ሃገራዊ ባንኪ ሸርፊ ወፃኢ ዝትምነሉን ኣብቲ ስርዓት ዕዳጋ ፀገም ምስ ዘጋጥም 'ውን እቲ ሃገራዊ ባንኪ ኣብ ሞንጎ ኣትዩ መስተኻኸሊ ዝገብርሉ ስርዓት ኣሎ 'ዩ። ኢትዮጵያ 'ውን ክሳብ ቀረባ እዋን ተመን ወፃኢ ሸርፊ ብሃገራዊ ባንኪ ዝውሰነሉ ስርዓት ዝነብረ ኾይኑ፤ መንግስቲ ኣብዚ ሰሙናት ዕላዊ ብዝገብሮ ነዚ ዝነበረ ፀገምን ካልኦት ፈተናታትን ኣብ ምቅራፍን ኣብ ምንካይን ዓብዩ ግደ ክህለዎ ተስፋ ዝተገበረሉ ኣብ ቀረባ እዋን መመሓየሺ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ዕላዊ ተገይሩ 'ዩ።

ረብሓታት ምምሕያሽ ... ገፅ 6

# ስራሕ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ሃገራዊ ምኽክር ክሳብ መወዳእታ ወርሒ መስከረም ክዛዘም 'ዩ

መኣርግ ገ/ሄር


ኣዲስ ኣበባ፡- ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ሃገራዊ ምኽክር ክሳብ 30 መስከረም 2017 ዓ.ም ክዛዘም ምኳኑ ዋና ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክክር መስፈን ኣርኣያ (ፕ/ር) ገሊፆም። እቲ ኮሙሽን ካብ ክልል ትግራይን ኣምሓራን ወፃኢ ኣብ ዝተፈላለያ ክልላት ኣጀንዳ ናይ ምእካብ ስራሕ ብዝተቐመጠሉ እዋን ይሰርሕ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ዋና ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ፕሮፌሰር

ስራሕ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ... ገፅ 7

# ሕብረተሰብ ምስ ክራማት ተታሓሒዞም ንዝመፁ ሕማማት ጥንቓቐ ክገብር ኣለዎ

መኣርግ ገ/ሄር



ኣዲስ ኣበባ፡- ሕበረተሰብ ከም ኮሌራ ዝበሉ ምስ እዋን ክረምቲ ተተሓሒዞም ዝመፁ ሕማማት እናጋጠሙ ምኺኖም ብምግንዛብ ጥንቓቐ ክገብር ጥዕና ቢሮ ክልል ትግራይ ኣታሓሳሲቡ፡፡

ኣብ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ክኢላ ርክብ ህዝቢ ኣይተ ገብረሰላማ ገብረትንሳኤ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ክሳብ ዕለት 29 ሓምለ ዒስራን ሓደን ወገናት ብሕማም ሸሮኽ (ኮሌራ) ተታሒዞም ኣለዉ፤ እዚ ቀሊል ዝበሃል ስለዘይኮነ ጥንቓቐ ምግባር የድሊ፡፡

ከም ገለፃ ኣይተ ገብረሰላማ፤ ሕብረተሰብ ሕማም ኮሌራ ብኸመይ ከምዝመፅእ ተረዲኡ ብጋንኡ ጥንቓቐ ክገብር ኣለዎ፡፡ ሕማም ኮሌራ ብቐሊሉ ከንከላኸሎ ንኽእል ሕማም 'ዩ፤ እዚ ሕማም እዚ ውልቀን ከባብያውን ፅሬትናን ፅሬት ንጥቀመሉ ማይን ምግብን ብምሕላው ከንከላኸሎ ንኽእል ኢና፡፡ ክሳብ ሞት ዘብፅሕ ሕማም ስለዝኾነ ኣቕሊልካ ዝረአ ሕማም ኣይኮነን፡፡

ሕማም ኮሌራ ብቐሊሉ ከንከላኸሎ ንኽእል ኢና ከንብል እንተለና፣ ቐዳማይ ሕብረተሰብ ናይ ውልቐን ከባቢኡን ፅሬት ክሕሉ ኣለዎ፡፡ ካልኣይ ሕማም ከጋጥም እንተሎ ክዳናገፅ እንተይኮነስ ናብ ሕክምና 'ዩ ቐልጢፉ ክኸይድ ዘለዎ፤ እንተተደናጊፁ ምንኽኻእ ከጋጥም ስለዝኽእል ጥንቓቐ ክገብር ኣለዎ፡፡

ኮሌራ ፈሳሲ ናይ ሰውነትካ ብምውዳእ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ክቐጥል ዝኽእል ሕማም ስለዝኾ ከንገብሮ ዝግባእ ከንገብር ኣለና፤ ሕድሕድ ሕብረተሰብ እንተተረኺቡ «ኦ ኣር ኤስ» ዝበሃል ውሁድ ሰብ ሞያ ብምጥያቕ ክጥቐም ኣለዎ፤ ወይ ደሞ ንሱ እንተዘይተረኺቡ 6ማንካ ሽኮርን ክልተ ማንካ ጨውን ገይርካ ሓደ ሊትሮ ማይ ብምብፅባፅ ነቲ ዝሓመመ ሰብ ብጥንቓቐ ክወሃብ ክኽእል ኣለዎ፡፡

ካሊእ ማይ ኣፍሊሕኻ ምጥቃም ወይ ከዓ ዝተሓከመ ማይ ምስታይ፡፡ ማለት ኣውዒኻ ምስታይ 'ውን ተመራፂ 'ዩ፤ ኣብዚ ግና ዝምለከቶም ኣካላት በርቲዖም ክሰርሑ

ሕብረተሰብ ምስ ክራማት ... ገፅ 6

ፅንዓትን እኹል ምድላውን ዝተገበረሉ ምምሕያሽ ማክሮ ኢኮኖሚ
ገፅ 4

«እቲ ምምሕያሽ ዓቕሚ ገንዘብ ዘዳኽም ኣይኮነን»
- ኣይተ በረከት ፍስሃፅዮን፣ዋና ስራሕ ፈፃሚ ክፍሊ ስራሕ ኢንቨስትመንት መንግስቲን ትልሚ ልምዓት ሚኒስቴር ልምዓትን ፕላንን
ገፅ 5

ወጋሕታ **ዜና**

# ግደ መራኸቢ ሓፋሽ ንዕውትነት ሃገራዊ ምኽክር

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ዝተፈላለዩ ሃገራት ቅልውላው ወይም ዘይምርድዳእ ገጢምዎም ንብዙሓት ፀገማት እንትቃልዑ ፀገማቶም ንምፍታሕ ከም ሃገር ኮፍ ኢሎም ይመኽሩ። ንኣብነት ቅድሚ ኸዚ ካብ ሃገራት ኣፍሪካ ብከይዲ ሃገራዊ ምኽክር ዝሓለፉ ቱኒዚያን ደቡብ ኣፍሪካን ልምዲ ምጥቃስ ኣድላይ 'ዩ።

ቱኒዝያ ዓረብ ናይ ፀደይ ኣብዮት ስዒቡ ኣብ ውሽጢ ፀገም ካብ ዝኣተዉ ሃገራት እታ ሓንቲ እንትትኾን፣ ፀገማት ብምኽክር ንምፍታሕ ዝገበረቶ ፃዕሪ ተሳኺዑላ 'ዩ። ከምኡ ድማ ንነዊሕ እዋናት ኣብ ስርዓት ኣፓርታይድ ዝነበሩ ደቡብ ኣፍሪካውያን ብዝመሰርትዎን ሓቅን ዕርቅን ኮምሽን ፀገማቶም ብምፍታሕ ሕዚ ኣብ ዘለዉዎ ብርኪ በፂሖም 'ዮም። ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላም ብምስፋን ኩለመዳያዊ ብልፅግና ንምርግጋፅ ሃገራዊ መኽክር ኮምሽን ብምጥያሽ ኣጀንዳ ብምስብሳብ ተግባር እናሰርሐት ከምዝኾነት ዝፍለጥ 'ዩ። ነዚ ዕውትነት ሃገራዊ ምኽክር መራኸቢ ሓፋሽ ሃናፂ ተሳትፎ ወሳኒ ከምዝኾነ ይዝረብ።

ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር መራኸቢ ሓፋሽ ብኣግባቡ ብምጥቃም ናብ ህዝቢ ካብ ምብፃሕ ኣንፃር ብዙሕ ፃዕሪ እናገበረ እንተኾነ 'ውን ካብቲ ጉዳይ ዕብየትን ካብ ዘለዎ ረብሓ ብዝበለፀ ክሰረሐሉ ከምዝግባእ ናይቲ ዘፈር ባዓል ሞያታት ይገልፁ።

ናይ ኣሃዱ ቴሊቪዥን ዋና ስራሕ ኣካይድን ምክትል ኣካቢ ሃገራዊ ኮምሽን ምክክር ፎሮም መራኸቢ ሓፋሽ ጥበቡ በለጠ ከምዝገለፅዎ፣ እቲ ኮምሽን ዝሓዞም ፅቡቕ ሓሳባት ንሕብረተሰቡ ምሕላፍ ዝካኣል መራኸቢ ሓፋሽ ብምጥቃም ብምዃኑ ንዕውትነት ሃገራዊ ምኽክር መራኸቢ ሓፋሽ ግደኦም ልዑል 'ዩ። እቲ ኮምሽን ብዝፀንሑ ፀጋማት ዙርያ ብምምኽኻር ናብ ድርድር ዝኸዳሉ ዝተፀረገ መንገዲ ንምምችቻው ፃዕሪ እናገበረ ኣብ ዘለዎ ኣብዚ እዋን ብብፍላይ ኣብ ህዝቢ ንምብፃሕን ኣጀንዳ ንኮምሽንን ንመንግስትን ንምብፃሕ መራኸቢ ሓፋሽ ዘለዎም ግደ ዓብይ ከምዝኾነ ኣልዒሎም።

መራኸቢ ሓፋሽ ጉዳይ እቲ ምኽክር ብኤዲቶሪያል ፖሊሲኦም ውሽጢ ብምእታው፣ ንዝፅብፅቡን ሽፋን ንዝህብዎ መገዲ ደንቢ ስነምግባር ኣዳልዮም ብምትግባር ጉዳይ እቲ ምኽክር ቀዳማይ ኣጀንዳ ብምግባር ትፅቢት ይግረሎም ዝበሉ ኣይተ ጥበቡ፣ ንፀብፀብቲ ናይ ስራሕ ልምምድ ብምሃብ እቲ ኮምሽን ምኽክር ዕላማ ብዝግባእ ተረዲኦም ስለምኽክሩ ዘለዎም ፍልጠት ምዕባይ ኣለዎም ኢሎም።

እቲ ፀብፃብ ምኽክር ከም ካልኦት ፀብፃባት ዓይኒዕሙተይ ብዝኾነ መልክዑ ወቐሳ ዝዋሃብ ኣይኮነን። ከምኡ 'ውን ሓሳቡ ካብ ፖለቲካ እና ኣድልዎ ዝፀረየ ብምዃኑ መራኸቢ ሓፋሽ ኣብቲ ጉዳይ ዙርያ ሰፊሕ ሽፋን ንክህቡ ምኽኣል ከምዝግባእ እቶም ምክትል ኣካቢ ገሊፆም 'ዮም።

ከም ገለፃ ኣይተ ጥበቡ፣ እቲ ኮምሽን ምስ መራኸቢ ሓፋሽ ተቐራራቢ ንምስራሕ ንክሕግዞ ማሕበራዊ ሚድያ፣ ናይ ውልቀን መንግስትን መራኸቢ ሓፋሽ ዝሓቖፈ ፎረም ሚድያ ምጥያሹ ዝድግፍ 'ዩ። እቲ ፎረም ብኹሉ መራኸቢ ሓፋሽ ዘፈር ውሽጢ ዘለዉ ኣመራርሓ ብምእካብ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ብስፍሓት ንክሰርሑ ብስረሖም ንዝርከቡ ባዓል ሞያታት ርድኢት ንክፍጠር ገይሩ 'ዩ።

መራኸቢ ሓፋሽ ምኽክር ሓሳብ እንተይኾነስ ኣካይድኡ ኣወንታዊ ብዝኾነ መልክዑ ብባዓል ሞያ ወቐሳ ንክወሃቦ ምግባር ትፅቢት ከምዝግረሎም ዝገልፁ ኣይተ ጥበቡ፣ ክሳብ ኸዚ ዘሎ ከይዲ ናይቲ ምኽክር ኮምሽን ጉዳይ ቀዳማይ ኣጀንዳ ብምግባር ሽፋን እናሃብዎ ከምዝኾነ ዓብይ ዓወት 'ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።

መራኸቢ ሓፋሽ ኣብ ክልላት ጋምቤላን ቤኒሻንጉልጉምዝን ዝተሰርሐ ኣጀንዳ ናይ ምእካብ ከይዲ ሽፋን እንትህቡ ናይ ዕለት ኩነታት እንበር ንድሕሪት ብምርኣይ ሓበሬታ ብኣግባቡ ብምዝርዛር ከይዲ እቲ ምኽክር ዘለዎ ብርኪ ንህዝቢ እናረደኡ ኣይኮነን ዝበሉ ድማ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ጋዜጠኝነትን ኮሙኒኬሽን መምህር ተሻገር ሽፈራው (ዶ/ር) 'ዮም።

ናይ ሚድያ ተመልካቲ ቀፃልነት ብዘይብሉን ብዝረኸቦ ኣጋጣሚ ሚድያ ዝከታተል ከምዝኾነ ዝልዓሉ ተሻገር(ዶ/ር)፣ መራኸቢ ሓፋሽ ስለ ሃገራዊ ምኽክር ኮምሽን ፀብፃብ ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን እቲ ኮምሽን መዓዝን ንምንታይ ዕላማ ከምዝተጣየሸ፣ ኣብ ውሽጡ ዘለዉ መዳርግቲ ኣካላት እንመን ከምዝኾኑ፣ ዜጋታት ብምንታይ ዓይነት መልክዑ ኣብቲ ከይዲ ከምዝውከሉን ካልኦት ኣድለይቲ ሓበሬታታት ብሓፂር ምቕራብ ከምዘለዎም ገሊፆም።

ከም ገለፃ ተሻገር (ዶ/ር)፣ ዋና መዳርግቲ ኣካላት ከባሃሉ ዝኽእሉን ናይ ባዕሎም ኣጀንዳ ዘለዎም ከም ኦነግ ዝበሉ ጉጅለ ፖለቲካ ካብ ሃገራዊ ኮምሽን ባዕሎም ኣልዒሎም 'ዮም። መራኸቢ ሓፋሽ ባዕሎም ዘግለሉ ኣካላት ብምምጻት ኣብቲ ጉዳይ ዙርያ ዘለዉ ፀገማት ምርኣይ ኣድላይ 'ዩ።

ፀብፃብ ምኽክር ምስ ሰላምን ጎንፅን ሓቢሩ ዝኸይድ ዘፈር ጋዜጠኝነት 'ዩ ። እዚ 'ውን ናይ ሚድያ ገለልተኛነት ኣብ ዙርያ እቲ ጉዳይ ናይቲ ጋዜጠኛ ዝተማለአ ፍልጠት ዝሓትት 'ዩ ዝበሉ እቶም መምህር፣ እቲ ኮምሽን ምኽክር ኣገልጋሊ መንግስቲ 'ዩ ዝበሉ ጥርጣረታት ዘለዉ ብምዃኑ እዚኦም ጉዳያት ምፅራይ ከምዝኾነ ይገልፁ።

መራኸቢ ሓፋሽ ዜና ካብ ምፅብፃብ ብተወሳኺ ሓፈሻዊ ከይዲ ከምዘረድኡ እዋናዊ ትሕዝቶ ኣዳሊዮም ዜጋታት ምዝታይ ኣለዎም። ከምኡ 'ውን ብምኽክር ኮምሽኑ ሓሳብ ዙርያ ዜጋታት ብምምሃር ናይቲ ጉዳይ ባዓል ዋና ንክኾኑ ብምግባር ሓሳቦም ካብ ምሕታት ብተወሳኺ ብፂሒቶም ፈሊጦም ንክሳተፉ ምግባር ይግበኦም ይብሉ።

መራኸቢ ሓፋሽ እዚኦም ተግባራት ክሰርሑ ዝኽእሉ ሙያዊ ነፃነት ክህልዎም ከሎ እዩ ዝበሉ ተሸገር(ዶ/ር፣ ባዓል ሞያ ስለ ሃገራዊ ምኽክር ካብ ፀቢብነት ዝወፀን ሰፊሕ ምርዳእ ሃልይዎም ናይ ካልኦት ሃገራት ተሞክሮ ብምውሳድ ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር እናኸደሉ ዘሎ ኣካይዳ ብምግምጋም ዕሙቕ ዝበሉ ፀብፃባት ምስራሕ ከምዘለዎም ኣገንዚቦም።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ጋዜጠኝነትን ኮሙኒኬሽንን ረዳት ፕሮፌሰር ሳምሶን መኮንን (ዶ/ር) «መራኸቢ ሓፋሽ ንዕውትነት ሃገራዊ ምኽክር ንኢትዮጵያ ወይ ውድቀት » ብዝብል ርእሲ ኣብ ዘሐትምዎ መፅሓፍ ከምዝገለፅዎ ፣ ሚድያ ንሃገራዊ ምኽክር ውፅኢታውነትን ተኣማንነት ዘለዎ ሓበሬታ ንህዝቢ ብመንፅር ምብፃሕ ወሳኒ ግደ ዝሕዝ 'ዩ። በዚ ድማ ኽልተ ዝተፈላለዩ ተሞክሮ ምልዓል ከምዝካኣል ይጠቕሱ።

ኣብ መንጎ ፓላንድን ኢራቅን ዝተገበሩ ከይዲ ምኽክር ሚድያ ብሓፈሻ ከይዲ እቲ ዘተ ብምድጋፍ ነቲ ምኽክር ዕውትነት ዓብይ ግደ ከምዝገበረ ሳምሶን መኮንን (ዶ/ር) ኣብ ፅሕፎም ይገልፁ።

ብተፃራሪ ኣብ ኢራቅ ኣብ ዝነበረ ከይዲ ምኽክር ግደ መራኸቢ ሓፋሽ ብኣግባቡ ኣይሰርሑን። ብተመሳሳሊ የመን ዝዓበየ ስትራቴጂ ሚድያ ዘለዋ ሃገር እንትኾነት 'ውን ሃገራዊ ምኽክር ድልየት እቲ ህዝቢ ምስሓብ ኣይኻኣለን። በቲ ውፅኢት ድማ እቲ ምኽክር ትፅቢት ብዝግበረሉ ውፅኢት ኣየምፅኣን። ስለዚ ሚድያ ብኣግባቡ ኣብ ረብሓ እንትውዒሉ ብኹሉ ብርኪ ንሃገራዊ ምኽክር ግንዛበ ማሕበረሰብ ብምዕባይ ሓገዝ ምፍጣር ከምዝካኣል እቶም ረዳት ፕሮፌሰር ኣብ ፅሕፎም ኣስፊሮም 'ዮም።



# ብትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ዝተዳለወት "ብላቴናት" መፅሔት ህፃናት ተመሪቓ

**መኣርግ ገ/ሄር**




ኣዲስ ኣበባ፡- ብትካል ፕረስ ኢትዮጵያ እትሕተም ኣብ ህፃናት ዘተኮረት መፅሔት "ብላቴናት" ተመሪቓ።

ኣብቲ ስነ-ስርዓት ምረቓ መደረ ዘስምዑ ኣፈፃሚ ስራሕ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣይተ መስፍንን ተፈራ ከምዝበልዎ፣ እቲ ትካል ን83 ዓመታት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሕትመታት ክፍሪ ዝፀንሐ 'ዩ። ሕዚ ድማ ኣብ ህፃናት ዘተኮረት "ብላቴናት" እትብል መፅሄት ናብ ዕዳጋ ኣምፂኡ ኣሎ።

ኣብታ መፅሄት ንህፃናት ብትሕዝቶ ኢ-ልበ ወለድን ልበ ወለድን እናዘናግዐ ስነ ምግባር ህፃናት ዝሃንፁ፣ ክእለት ምንባብ ዘማዕብሉ፣ ንህፃናት ምስ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ዘላልዩ ኣርቲክላትን ሓፀርቲ ሓበሬታትን ተጠቓልል ምዃና ሓቢሮም።

ብተወሳኺ ምስ ኣካላትደሎ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ብትሕዝቶን ምስልን ውቁልና ከም እትድህስስ ገሊፆም። ነታ መፅሄት ንምድላው ልዕሊ 7 ኣዋርሕ ከምዝወሰደ ብምጥቃስ፣ ተመኩሮ ካልኦት ሃገራት እንታይ ከምዝመስል ንምርኣይ ዳህሳስ ሰነዳትን ኣንበብትን ከምዝተኻየደ ኣመልኪቶም።

ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ንዝነጥፉ ክኢላታት ፀጋታት ንምእካብ ዝሕግዙ ተኺታቲሊ ናይ ዘተ መድረኻት ከምዝተኻየዱ 'ውን ኣዘኻኺሮም።

ኣታ መፅሔት በዓል ሙሉእ ሕብራዊት እንትትኸውን፣ ህፃናት ብዛዕባ ሃገሮም ንፁር ርድኢት ክህልዎምን ኣንባቢ ወለዶ ክፍጠርን ዓቢዩ ዓቕሚ ከም ዝፈጥር ብምጥቃስ፣ እቶም ዓምድታት እንትቕረፁ ስያመ እንትዋሃብዎን ስነ-ልቦና ህፃናት፣ ስነ-ምግባር፣ ኢትዮጵያውነት፣ ምትሕግጋዝ፣ ተሳትፎን ካልኦት ጉዳያትን ዘጠቓልል ምዃኑ ተዛሪቦም።

ናይቲ ምድላው ትሕዝቶ ጋዜጠኛታት ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ፣ክኢላታት ስነ-ፅሑፍን ሰኣልትን ከምዝሳተፉ ንቕሓሊ ቋንቋ ኣምሓርኛ ከምዘለዎ ኮይኑ ብኻልኦት ቋንቋታት ተበፃሒት ንምግባር ከምዝሰርሑ እቶም ኣፈፃሚ ስራሕ ገሊፆም።

ኣማኻሪ ማሕበራዊ ጉዳያት ቀዳማይ ሚኒስትርን ተወካሊ ኣካቢ ቦርድ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያን ዲያቆን ዳኒኤል ክብረት ብወገኖም፣ ህፃናት ኣብ ወረቐት፣ ብራና፣ እምነን ካልኦት መሳርሒታት ፅሑፈትን ዝተፅሓፉ ጉዳያት ክድህስሱ ክግበር ይግባእ ኢሎም።

ህፃናት ዲጂታላዊ ዓለም ከምዘለዎ ኮይኑ ምስ ብወረቐት፣ ብራና፣ እምነን ካልኦት መሳርሒታት ፅሑፈትን ዝተፅሓፉ ነገራት ርክብ ክህልዎም ምግባር ኣገዳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ፣ ኣብ ህፃናት ዝሰርሑን ትካላትን ክኢላታት ፅሑፍን ብምትብባዕ ሃገር ተረኪቢ ወለዶ ከተፍሪ ከምዝግባእ ብምጥቃስ፣ ህፃናት ኣብዝውዕልሉ ከባቢ ፅሑፋት ክቕመጡ ብምግባር ናይ ንባብ ባህሎም ምዕባይ ከምዘድሊ ኣረዲኦም።

ነዚ ድማ ካብ ወለዲ ጀሚርካ ኩሉ ሰብ እጃሙ ክንብር ከምዝግባእ ብምትሕስሳብ፣ ባህሊ ንባብ ንምዕባይ መፃሕፍቲ መሓየቕሉ ምግባር እንትክኣል 'ዩ።

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዘዳለዎ "ብላቴናት" ኣብ ህፃናት ዘተኮረ መፅሔት ከዳሎ እንትሎ መዳርግቲ ኣካላት ናይና 'ዩ ብምባል ክሕግዙ ይግባእ ኢሎም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚያዊ ዘሕዊ ስጉምቲ

ኢትዮጵያ ኢኮኖሚኣ ዕፅው ገይራ ብምፅንሓ ንዘበናት ኣብ ፈተና ውሽጢ ንክትወድቅ ምግባሩ ይፍለጥ፡፡ በዚ ምኽንያት ናይ ወፃኢ ንግዲ ክንዲ ዝኣኽሎ ወፃኢ ሸርፊ ምእታው ኣይከኣለን፡፡ ፍርያታት ኢትዮጵያ ብኮንትሮባንድ ንክወፅኡ ዕድል ፈጢሩ፡፡ ኢትዮጵያ ብዘለዋ ዓቅሚ ልክዕ ካብ ወፃኢ ቀጥታ ኢንቨስትመንት ተረባሒት ምዃን ኣይኽኣለትን፡፡ ብኻሊእ ወገን ስርዓት ፀሊም ዕዳጋ ንክስፍሕፋሕ ብምግባር ናህሪ ዕዳጋ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ልዑል ፅዕንቶ ንክፍጠር ገይሩ፡ ፡ በዚ መንፅር ኣብ ቀረባ እዋን ብመንግስቲ ዝተሰወደ መመሓየሺ ማክሮ ኢኮኖሚ ኣብ ልዕሊ ማክሮ ኢኮኖሚ ዝተፀዓኑ ስብራታት ብምሕዋይ ዝሓሸ ምንቅቓሓት ከምዝፈጥር ይእመን፡፡

መመሓየሺ ማክሮ ኢኮኖሚ ብፍላይ ህልውና ዘፈር ፋይናንስ ኣብ ምቕፃል ዝህልዎ ግደ ዓብይ 'ዩ፡፡ ንኣብነት ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ብዕድጊት ቦንዲ ዝኣከቦ ገንዘብ ልቅሖም ምምላስ ንዘይኽኣሉ ብዙሓት ፕሮጀክታት ልምዓት ተበፃሒ እናተገበረ ብምፅንሑ እቲ ባንኪ በዓል ዕዳ ከምዝገብሮን ናይ ሃገር ውሽጢ ባንክታት ኣብቲ ዕዳጋ ናይ ምቕፃል ዕድሎም ፈታኒ ነይሩ፡፡ ባንኪ ዕድኡ ክምልስ እንተዘይኽኢሉ ድማ ምፍራሱ ናይ ምፍራስ ዕድል ኪጋጥሞ ስለዝኽእል እቲ መመሓየሺ ማክሮ ኢኮኖሚ ህልውና ባንክታት ኢትዮጵያ ዘቕፀለ'ዩ፡፡

መንግስቲ ካብ ዓለምለኸ ትካል ገንዘብ (ኣይ ኤም ኤፍ)ን ባንኪ ዓለምን ኣብ ዝገብሮ ድርድራት ካብ ዘልዓሎም ጉዳያት ሓደ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ዝምልከት'ዩ፡፡ ኣብቲ ድርድር ነቲ ባንኪ 700 ሚሊየን ዶላር ዝኸውን ተወሳኺ ገንዘብ ካብቶም ትካላት ንክረክብ ዝገበረ ስለዝኾነ ናይቲ ባንኪ ህልውና ዘቐፀለ ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ኣብ ልምዓት ኢትዮጵያ ዘልዎ ተሳትፎ ብዝበለፀ ንክቕፅል ዝገበረ ምዃኑ ምርዳእ ግድን ይኸውን፡፡

ብመሰረት መመሓየሺ ማክሮ ኢኮኖሚ ኣብ ስርዓት ምምሕዳር ወፃኢ ሸርፊ ዝተገበረ ለውጢ ጥዕና ዘለዎን ኣብ ፅኑዕ መሰረት ደው ዝበለን ዕብየት ኢኮኖሚ ንምቅፃል ዘኽእል ታሪኻዊ ውሳነ 'ዩ፡፡ ቅድሚ ሃገራዊ ለውጢ ዝነበረ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ንሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ዝገብረ፣ ውልቀ ሴክተራት ካብ ልቃሕ ዘየገላገለን ልዑል ፅዕንቶ ልቃሕ ዝነበሮ 'ዩ፡፡ እቲ ዝነብረ ዕብየት ኢኮኖሚያዊ ኢንቨስትመንት 'ውን መንግስቲ መሰረት ዝገበረ ብምዃኑ ፋይናንስ ዝግበረሉ ዝነብረ መንገዲ ጥዕና ኣይነበሮን፡፡ በዚ ናይ ለውጢ መንግስቲ ግና ሃገር ቦቀል ሪፎርም ኢኮኖሚ ብምቕራፅ ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ ንምፅጋን ዘኽእሉ ስጉምትታት ተወሲዶም'ዮም፡፡

በቲ ናይ መጀመሪያ ትግበራ ሃገር ቦቀል ሪፎርም ኢኮኖሚ ውሽጣውን ደጋውን ተፅዕኖታት ተፃዊሩ ዓብይ ውፅኢት ኣመዚጊቡ'ዩ፡፡ ንኣብነት ኢትዮጵያ ዝነበራ ናይ ልቃሕ ፅዕንቶ ካብ 40 ሚእታዊ ናብ 17 ነጥቢ 4 ሚእታዊ ንክቕንስ ፤ ትካላት ፋይናንስ ካብ ዝህብዎ ልቃሕ 88 ሚእታዊ ንውልቀ ዘፈር ተበፃሒ ዝገበረ'ዩ፡፡

ብተመሳሳሊ ሓደሽቲ ዘፈራት ኢንቨስትመንት ንክኽፈቱ፤ ትካላት ልምዓት መንግስቲ ብስርዓት ንክምርሑ ከምኡ 'ውን ምፅጋን ስብራት ኢኮኖሚ መሰረት ዝገብረ ሓደሽቲ ትካላት ክጣየሹ ዝገበረ እንትኾን፤ እዚ ዓወትን ስራሕን ብምቕፃል ተረባሕነት ህዝቢ መሰረት ብምግባር ናብ ዝተማልአ ትግበራ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ምእታውን እዚ መመሓየሺ ማክሮ ኢኮኖሚ ምስ ትልምታት ፖሊሲታት መንግስትን ዝተጠዓዓመ ስለዝኾነ ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ ሃገር ንምሕዋይ ዓብይ እጃም ኣለዎ፡፡

ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ ዝፅግንን ዕብየት ኢኮኖሚ ዝቕፅልን እቲ መመሓየሺ ናብ ዝተማልአ ትግበራ እንትኣትው'ዩ፡፡ትግበራ ምምሕያሽ ማክሮ ኢኮኖሚ ቐፃላይነትን ጥዕና ዘለዎን ዕብየት ኢኮኖሚ ንክህልው ዝግብር ስለዝኾነ ብዓለምለኸ ትካል ገንዘብ (ኣይኤምኤፍ) ትንበያ ጥራሕ ኣብ ቐፃሊ ኣርባዕተ ዓመታት ማእኸላይ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ 8 ሚእታዊ ክዓቢ 'ዩ። በዚ መመሓየሺ ኣብ ተኣካቢ ኣታዊ ዓቅሚ ዝፈጥር፣ ዕቋር ወፃኢ ሸርፊ ዝውስኽ፣ ትርጉም ብዘለዎ መልክዕ ኤክስፖርትን ኢንቨስትመንትን ክብ ዘብል ከምኡ 'ውን ፍትሓዊነትን ኢኮኖሚ ብምስፋን ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ ንክሓዊ ዝገብር ስለዝኾነ ዕውት ንክኸውን ኣብርቲዒኻ ምስራሕ ይግባእ፡፡


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

ኢፕድ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልላይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልላይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ኣብ ጉዳይ ፖለቲካ ረብሓ ህዝቢ ክቕድም ይግባእ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ዝኾነ ይኹን ፀገም እንትፍጠር ኣብ ህዝቢ ሒዝዎ ዝመፅእ ሁከትን መከራን ቐሊል ኣይኸውንን። እዚ ፀገም ፈቲሒኻ ናብ ንቡር ንምምላስ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ሓደ ዓቕምን ትኹረትን ዘድልዮ 'ዩ። ብፍላይ ድማ ብኹናት ዝተልዓለ ቕልውላው ገዲፍዎ ዝኸይድ ፀልማት ንምቕንጣጥ ፃዕሪ ብዙሓት እንተዘይኾይኑ ንምምላስ ባዕሉ ዝኻኣለ ዓቐብ 'ዩ ።

እዚ ንምፍታሕ ድማ ፖለቲከኛታት ዓብይ ሓላፍነት ኣለዎም። ኣብ ዝርከብ ፍታሕ ንረብሓ ህዝቢ ትግራይ ንክኸውን ክሰርሑ ይግባእ። ህዝቢ ትግራይ ንብዙሕ ዓመታት ንኢትዮጵያ ክብል ብዙሕ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ 'ዩ ፤ ተቓላሳይ ከምኡ 'ውን ፖለቲከኛ 'ዩ። ኾይኑ ግና እዞም ውዳበ ፖለቲከኛታት ኢና በሃልቲ ንትግራይ ክሳብ ኸዚ ኣዕጋቢ ዝኾነ ምሕደራ ፖለቲካ ከምፅኡን ዕድል ክፈጥሩን ኣይተርኣየን ።

ቀንዲ ውራይ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝተጀመረ ሰላም ብምጥንኻር ድሕንነት ህዝቢ ምሕላው እንትኾን ክሳዕ ሐዚ ብዝተገብረ ምርድዳእ 'ውን ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝተመዛበሉ ወገናት ናብ መረበቶም ናይ ምምላስ ስራሕቲ ብዝሓሸ መንገዲ እናተፈፀሙ 'ዮም። እዚ ዓብይ ለውጢን ኣብ ምርግጋዕ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ዓብዪ ተስፋ ዝህብን 'ዩ፡፡

ቁልፊ ዕማም መንግስቲ ትግራይ ኣብ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ዝተረኽቡ ዕድላት ብዝግባእ ብምጥቃም ውሑስ ሰላም ንምርግጋፅን ድሕንነት ህዝቢ ንምውሓስን ምርብራብ 'ዩ ክኸውን ዝግባእ። ብኩናትን ምምዝባልን ኣብ ፀገም ዝፀንሐ ህዝቢ ትግራይ ናብ ንቡር ሰላማዊ ህይወቱ ንክምለስ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ዘተ እናካየደ ዝተማልአ ምንቅስቓስ ምግባር ቀንዲ ተልእኾ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ምዃኑ ርዱእ 'ዩ። እዚ ድማ ብሓደ ወገን ዝተረኸበ ኣንፃራዊ ሰላም ብምዕቃብ ናብ ሙሉእ ሰላም ንምስጋር በቲ ካልእ መዳይ ከዓ ናብ ጎንፂ ከእትውና ዝኽእሉ ዕንቅፋታትን ፈተናታትን ንምእላይ ዘይተሓለለ ፃዕሪ ምግባር ግድን ኣብ ዝብል ወሳኒ መድረኽ 'ዩ ዘሎ፡፡

ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ክህልው ይኽእል 'ዩ። ናይ ባዕሎም እምነትን ቀይሕ መስመር ዝብልዎ ሓሳብ ክህልዎም ይኽእል። ኮይኑ ግና ኣፈላላዮም ኣኽቢሮም ሓደ ኣብ ዝገብሮም ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅን እቲ ህዝቢ ሐዚ ኣጋጢምዎ ዘሎ ቕልውላው ብሓድነት ኣብ መፍታሕ ናይ ሓባር መድረኽ ፈጢሮም ብሓድነት ክጓዓዙ ኣለዎም። ዝደለየ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ይሃልዎ ንህዝቢ ኢልካ ዝግበር ቓልሲ ሓድነት ክህልዎ ይግባእ። ካብዚ ወፃኢ ምጉጅጃል ፣ ሽም ምጥፋእ ኣድላዪ ኣይኾነን። ኣብ ትግራይ ዘሎ ህዝቢ ረብሓኡ ዝፈልጥ ህዝቢ'ዩ ፤ ስለዚ ዝኾነ ፖለቲካ ኣባል ነቲ ህዝቢ ዝሐሸ ነገር ከምፀኣሉ ከምዝኽእል ከርእይ ኣለዎ። እዚ ዘይገብር ፖለቲከኛ ናብ ፖለቲካ 'ውን ክኣቱ የብሉን። ሓድነት ትግራይ ብዘይምህላውን ፓርትታት ነኒበይነን ብናተን መገዲ ስለዘኸዳን ክሳብ ሓዚ ጥብ ዝብል ውፅኢት ከምፅኣ ኣይከኣላን። ምፍልላይን ውልቃዊ ምኳንን ክተርፍ ኣለዎም። ዝሓሸት ትግራይ ንምፍጣር ዝሓሸ ሓሳብ ፤ ዝሓሸ ስራሕን ዝሓሸ ተግባራዊ ውፅኢትን ሒዝካ ምቕራብ ይግባእ ።

ህዝብ ትግራይ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘተ፣ ስምምዕነትን ሰላምን 'ዩ ዝደሊ። ዘይምዑሩይ ፖለቲካ ንህዝቢ ትግራይ ጉድኣት 'ምበር ረብሓ ኣየምፀአሉን፡፡ ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ንህዝቢ ኣብ ዝጠቕም ፖለቲካዊ ኣካይዳ ጥራሕ ትኹረት ክገብሩ ኣለዎም፡፡ ናብ ተግባር ዝቕየሩ ሓሳባት ተቐይሮም ህዝቢ ትግራይ ዝጥቐመሉ ባይታ ክሳብ ዝረጋገፅ ምስ ህዝቦም ኢድን ጓንትን ኮይኖም ክሰርሑ ይግባእ።

እቲ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ንደሓር ክይምለስ ብጥንቓቐ ክተሓዝ ኣለዎ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ኸዚ ስርዓት ዘለዎ ፖለቲካዊ ኣካይዳ ብዘይ ምርካቡ ከቢድ ስቓይን መከራን

> **ቁልፊ ዕማም መንግስቲ ትግራይ ኣብ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ዝተረኽቡ ዕድላት ብዝግባእ ብምጥቃም ውሑስ ሰላም ንምርግጋፅን ድሕንነት ህዝቢ ንምውሓስን ምርብራብ 'ዩ ክኸውን ዝግባእ**

ክበፅሖ ክኢሉ 'ዩ፡፡ እዚ ከይድገም ፖለቲካ ምዝማን ኣድላይ 'ዩ፡፡ ፖለቲከኛታት ንውልቆም እንተይኾነስ ንህዝቢ ዝረብሕ መንገዲ ጥራሕ ክኽተሉ ይግባእ፡፡ እዚ ንህዝቢ ትግራይ ሰላምን ቅሳነትን ጥራሕ እንተይኮነስ ንነዊሕ እዋን ሰላምን ፍትሕን ኣስኢኑዎ ዝነበረ መንገዲ ፖለቲካ ዝምልስ 'ዩ፡፡ ኸዚ ዘሎ ፖለቲካዊ ሃዋህው ንህዝቢ ትግራይ ካብቲ ዝገጠሞ ፀገም ናብ ዝሓሸ ብርኪ ዘሳጋግሮ ብምዃኑ ብጥንቓቐ ብምሓዝ ምጥቃም የድሊ፡፡

ናይ ሰላም ኣየር ኣብ ትግራይ ምንፋስ ምስጀመረ ህዝቢ ዝተረጋገዐ ናብራ ጀሚሩ ኣሎ። መንግስቲ'ውን ድሕሪ ሰላም ምስፋን ናይቲ ከባቢ መሰረተ ልምዓት መሊስካ ንምህናፅ፣ ጥዕና ትካላት ስራሕ ንክጅምሩ ምግባር፣ ትምህርቲ ናብ ስራሕ ክምለሱ ምግባርን ሕብረተሰብ ናብ ዝነበሮ ናብራ ምምላስ ዘኽእሉ ስራሕቲ ምስራሕ ጀሚሩ ኣሎ። ሃገርና ካብ ድኽነትን ኹናትን ክትወፅእ እትኽእል ብሰላም ምዝታይን ምድርዳር ክንኽእል ከለና 'ዩ ። እዚ ድማ ዓዲ ናይ ምምራሕ ብቕዓት ኣለና ዝብሉ ዉድባት ዝኾነ ይኹን ፀገማት እንትፍጠር ብዘተን ኢህን ሚህን ብምባል ንክፍታሕ ከምህሩን ባዕሎም'ውን ንዘተ ቁሩብ ክገብሩን ይግባእ።

ብሓፈሻ ንመስርሕ ሰላም ብምጥንኻር ድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ምግባር እንትኾን ኣብዚ እዋን ናይ ትግራይ ሰላም ዝህውኽ ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ ክህሉ ኣይግባእን፡፡ ኣብ ትግራይ ዝግበሩ ምንቅስቓሳት ኩሎም ሕጋውን ሰላማውን ብዝኾነ ኣገባብ ጥራሕ ክፍፀሙ ከምዘለዎም ካብ ዝሓለፈ እዋን ትምህርቲ ብምውሳድን ኹሉ ነገር ክኸውን ዘለዎ ረብሓ ህዝቢ ብምቕዳም 'ዩ፡፡ እዚ ዝጅምር ድማ ፖለቲከኛታት ዓርሶም ብምግምጋምን ንህዝቦም ኣብ ዝክሕስሉ መንገዲ ክዛታዩ ይግባእ፡፡

# እዋናዊ ዛዕባ

## ፅንዓትን እኹል ምድላውን ዝተገበረሉ ምምሕያሽ ማክሮ ኢኮኖሚ

ኣብርሃ ሓጎስ

**ኢትዮጵያ ናብ ምሉእ ምትግባር ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ሪፎርም ምእታዋ ተኸቲሉ ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስትር ሓዊሱ ብሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ፣ ሚኒስቴር ፕላንን ልምዓትን ከምኡ 'ውን ከም ሚኒስቴር ገንዘብ ዘብሉን ዝተፍላለዩ ዝምልከቶም ትካላትን ሙሁራትን መብርህን ገለፃን እናተወሃበሉን እዚ ድማ እዋናዊ ዛዕባ ዝኾነሉ 'ዩ ዘሎ። እዚ እዋናዊ ዛዕባ እዚ ኣብዚ ሰሙን 'ውን ተጠናኺሩ ዝቀፀለሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ፤ በዚ መሰረት ናይ ሎሚ እዋናዊ ዛዕባና 'ውን ኣብዚ ኮይኑ መብርህታትን ገለፃታትን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)፣ ገዛኢ ብሄራዊ ባንኪ ኣይተ ማሞ ምህረቱ፣ ሚኒስትር ሚኒስቴርፕላንን ልምዓትን ፍፁም ኣሰፋ (ዶ/ር)፣ሚኒስትር ዴኤታ ሚኒስቴር ገንዘብ ኢዮብ ተካልኝ (ዶ/ር)ን ከንቲባ ኣዳነች ኣቤቤን ከምዝስዕብ ኣቅሪብናዮ ኣልና፤ ሰናይ ንባብ፦**

ምምሕያሽ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ብዝምልከት ዝሓለፈ ሰሙን ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ፤ ኢትዮጵያ ኢኮኖሚኣ ዕፅው ገይራ ብምፅንሓ ንዘበናት ኣብ ፈተና ውሽጢ ንክትወድቅ ምግባሩ ብምግላፅ፤ ንኣብነት ናይ ወፃኢ ንግዲ ክንዲ ዝኣኽሎ ወፃኢ ሸርፊ ምእታው ተሳኢንዎ ምፅንሑን ፤ፍርያታት ኢትዮጵያ ብኮንትሮባንድ ንክወፅኡ ምግባሩ፣ ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ብዘለዋ ዓቅሚ ልክዕ ካብ ወፃኢ ቀጥታ ኢንቨስትመንት ተረባሒት ምኳን ከምዘይኸኣለት፣ ብኻሊእ ወገን ስርዓት ፀሊም ዕዳጋ ንክስፍሕፋሕ ብምግባር ናህሪ ዕዳጋ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ልዑል ፅዕንቶ ንክፍጠር ምግባሩን ብምግላፅ፤ በዚ መንፅር እቲ መመሓየሺ ኣብ ልዕሊ ኢኮኖሚ ዝተፀዓኑ ስብራታት ብምልዓል ዝሐሸ ምንቅቓሓት ከምዝፈጥር ኣምላኺቶም 'ዮም፡፡

ብፍላይ ህልውና ሴክተር ፋይናንስ ኣብ ምቕፃል ዝህልዎ ግደ ንፁር 'ዩ ብምባል፤ ንኣብነት ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ብዕድጊት ቦንዲ ዝኣከቦ ገንዘብ ልቕሓም ምምላስ ንዘይኸኣሉ ብዙሓት ፕሮጀክታት ልምዓት ተበፃሒ እናተገበረ ምፅንሑ ብምልዓል እዚ ነቲ ባንኪ በዓል ዕዳ ከምዝገብሮን ናይ ሃገር ውሽጢ ባንክታት ኣብቲ ዕዳጋ ናይ ምቕፃል ዕድሎም ፈታኒ ከምዝገብሮን ዕድኡ ክምልስ እንተዘይኸኢሉ ድማ ምፍራሱ ከምዘይተርፍ ብምሕባር፤ እቲ መመሓየሺ ማክሮ ኢኮኖሚ ንህልውና ባንክታት ኢትዮጵያ ዘቐፀለ ምኳኑ ተዛሪቦም፡፡

መንግስቲ ካብ ዓለምለኸ ትካል ገንዘብ (ኣይ ኤም ኤፍ)ን ባንኪ ዓለምን ኣብ ዝገብሮ ድርድራት ካብ ዘልዓሎም ጉዳያት ሓደ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ዝምልከት ምኳኑ ወሲኾም ብምሕባር፤ ኣብቲ ድርድር ነቲ ባንኪ 700 ሚሊየን ዶላር ዝኸውን ተወሳኺ ገንዘብ ካብቶም ትካላት ምርካቡን እዚ ድማ ናይቲ ባንኪ ህልውና ዘቐፀለ ካብ ምኳኑ ንላዕሊ ኣብ ልምዓት ኢትዮጵያ ዘልዎ ተሳትፎ ብዝበለፀ ከምዘቕፅል ገሊፆም 'ዮም፡፡

ብተመሳሳሊ ገዛኢ ብሔራዊ ባንኪ ኣይተ ማሞ ምህረቱ ኣብ መመሓየሺ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ ከምዝብልዎ፤ ኣብ ስርዓት ምምሕዳር ወፃኢ ሸርፊ ዝተገበረ ለውጢ ጥዕና ዘለዎን ኣብ ፅኑዕ መሰረት ደው ዝበለን ዕብየት ኢኮኖሚ ንምቅፃል ዘኽእል ታሪኻዊ ውሳነ 'ዩ፡፡ ቅድሚ ሃገራዊ ለውጢ ዝነበረ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ንሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ዝገብረ፣ ውልቀ ሴክተራት ካብ ልቃሕ ዘየገላገለን ልዑል ፅዕንቶ ልቃሕ ዝነበሮ ከምዝነብረ ብምዝኽኻር፤ እቲ ዝነብረ ዕብየት ኢኮኖሚያዊ ኢንቨስትመንት 'ውን መንግስቲ መሰረት ዝገበረ ብምኳኑ ፋይናንስ ዝግበረሉ ዝነብረ መንገዲ ጥዕና ከምዘይነብሮን በዚ ናይ ለውጢ መንግስቲ ግና ሃገር ቦቀል ሪፎርም ኢኮኖሚ ብምቅራፅ ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ ንምፅጋን ዘኽእሉ ስጉምትታት ምውሳዱ ተዛሪቦም።

በዚ ናይ መጀመሪያ ትግበራ ሃገር ቦቀል ሪፎርም ኢኮኖሚ ውሽጣውን ደጋውን ተፅዕኖታት ተፃዊሩ ዓብይ ውፅኢት ምምዝጋቡ ገሊፆም 'ዮም። ንኣብነት ኢትዮጵያ ዝነበራ ናይ ልቃሕ ፅዕንቶ ካብ 40 ሚእታዊ ናብ 17 ነጥቢ 4 ሚእታዊ ንክቕንስ ምግባሩ ብምሕባር ፤ ትካላት ፋይናንስ ካብ ዝህብዎ ልቃሕ 88 ሚእታዊ ንውልቀ ሴክተር ተበፃሒ ምግባሮም ኣልዒሎም፡፡

ብተመሳሳሊ ሓደሽቲ ዘፈራት ኢንቨስትመንት ንክኽፈቱ፤ ትካላት ልምዓት መንግስቲ ብስርዓት ንክምርሑ ከምኡ 'ውን ምፅጋን ስብራት ኢኮኖሚ መሰረት ዝገብረ ሓደሽቲ ትካላት ክደራጀዩ ከምዝገበረ ብምግላፅ፤ እዚ ዓዉት ስራሕ ብምቅፃል ተረባሕነት ህዝቢ ብምትግባር ናብ ዝተማልአ ትግበራ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ምእታውን እዚ ሪፎርሙ ማክሮ ኢኮኖሚ ምስ ትልምታት ፖሊሲታት መንግስትን ዝተጠዓዓመ ምኳኑ ተዛሪቦም።

ብተወሳኺ ዕብየትን ብልፅግናን ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ኣብ ፅኑዕ መሰረት ደው ዝበለን ንህዝቢ ተረባሒ ዝገብር ከምዝኾነን ንኣብነት ሪፎርም ምእካብን ምምሕዳርን ኣታዊ፣ ናይ ገንዘብን ከምኡ 'ውን ምምሕዳር ውፃኢ ሸርፊ ሓዊሱ ኩሎም ዘርፍታት ብምትእስሳር ዝትገብር ምኳኑ ብምልዓል፤ ወፃኢ ሸርፊ ብዘላቒነት ዝፈትሕ ወሳኒ ቁልፊ ምኳኑ ኣብሪሆም 'ዮም።

ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ ዝፅግንን ዕብየት ኢኮኖሚ ዝቅፅልን እቲ ሪፎርም ናብ ዝተማልአ ትግበራ ክኣትው ከሎ ጥራሕ ምኳኑን፤ ትግበራ ሪፎርም ቐፃላይነትን ጥዕና ዘለዎን ዕብየት ኢኮኖሚ ንክህልው ዝግብር ብምኳኑ፤ ብዓለም ለኸ ትካል ገንዘብ (ኣይኤምኤፍ) ትንበያ ጥራሕ ኣብ ቐፃሊ ኣርባዕተ ዓመታት ማእኸላይ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ 8 ሚእታዊ ክዓቢ 'ዩ። በዚ ሪፎርም ኣብ ተኣካቢ ኣታዊ ዓቅሚ ዝፈጥር፣ ዕቛር ወፃኢ ሸርፊ ዝውስኽ፣ ትርጉም ብዘለዎ መልክዕ ኤክስፖርትን ኢንቨስትመንትን ዝልውጥ ከምኡ 'ውን ፍትሓዊነትን ኢኮኖሚ ዘስፍን ከምዝኾነ ኣመላኺቶም።

ሃገራዊ ባንኪ ካብ ዝገብሮም ሪፎርምታት ስርዓት ምቅያር ሸርፊ ወፃኢ ሓደ ከምዝኾነን ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዕላዊ ብዝተግበረ ማዕቀፍ ምምሕዳር ሕጊ ሸርፊ ወፃኢ ብዙሓት ለውጥታት እናምፅኡ ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ ንኣብነት 'ውን ሃገራዊ ባንኪ ጥራሕ ይትምኖ ዝነብረ ስርዓት ብስሩዕን ብኣንፃሩ ካብ ዕዳጋ ዝተረሓሓቀ ዝነብረ ምስፋሕ ኣፈላልይ ሓዊሱ ብዙሓት ፀገማት ዝነብሩ ከምዝኾኑን፤ በዚ መንፅር ተመን ምንዛረ ሸርፊ ወፃኢ ብዕዳጋ ንክውሰን ምግባሩ ሓቢሮም 'ዮም፡፡

ተመን ምንዛሬ ብዕድጋ ምውሳኑ ሕጊ ኣልቦን ብልሹው ኣሰራርሓን ብምቅራፍ ኤክስፖርትን ኢንቨስትመንትን ንምብርትታዕ ልዑል ግደ ከምዝፃወትን። እዚ ድማ ስርዓት ምንዛረ ሸርፊ ወፃኢ ዝተረጋግዐን ጥዕና ዘለዎን ንክኸውን ይገብር። በዚ ኸይዲ ድማ ፀገም ስርዓት ዕዳጋ ምስ ዘጋጠም ሃገራዊ ባንኪ ኣብ ሞንጎ ኣትዩ ከምዘስተኻኽሎ ኣይተ ማሞ ምህረቱ ገሊፆም 'ዮም።

እዚ ለውጢ ፖሊሲ ናይ10 ዓመት መሪሕ ትልሚ ልምዓት መሰረት ተገይሩ ተግባራዊ ምግባሩ ዘልዐሉ እቶም ገዛኢ ብሄራዊ ባንኪ፤ እዚ ድማ ሐዚ ዝተጀምረ ዘይኮነስ ቅድሚ 5 ዓመታት ጀሚሩ ምኽክር ክግበሮ ዝፀንሐ ኣጀንዳ ምኳኑን እቲ ሪፎርም ናይ ዝኾነ ኣካል ኢድ ኣእታዊነት ፅዕንቶ ዝመፅአ ዘይኮነስ ረብሓ ኢትዮጵያ መሰረት ገይሩ ዝተተግበረ ምኳኑ ብምልዓል፤ ካብ አይኤምኤፍን ዓለም ባንክን ዝተረኸበ ሓገዝን ልቃሕን ንትግበራ እቲ ሪፎርም ዝውዕል ምኳኑ ተዛሪቦም፡፡

እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ኣለቃሕቲ ትካላት ትሕዝቶ ፅርይርት እቲ ሪፎርምን ዓቅሚ መፍረይነት ኢትዮጵያን ብምርኣይ ኣብ ኣፍሪካ ልዑል ዝተብሃለ ሓገዝን ልቃሕን ምሃቦም ብምግላፅ፤ ክሳብ ሐዚ ብዘሎ ኸይዲ ካብ ዓለምለኸ ትካላት ገንዘብን ባንኪ ዓለምን 2 ነጥቢ 5 ቢሊዮን ዶላር ናብ ሃገራዊ ባንኪ ኣታዊ ምግባሩን ካብ ክልቲኡ ኣለቃሕቲ ትካላት ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ናይ ርዕዮተ ኣለም ኣፈላልይ ከይገደቦም ነቲ ሪፎርም ንምቅፃል ዘኽእል ሃፍቲ ምርካቦም ኣብራህሪሆም።

ካብ ሃገር ወፃኢ ካብ ዝኣትው ሃለቅቲ ኣቅሑት 18 ሚእታዊ ጥራሕ ብናይ ወፃኢ ምንዛረ ከምዝመፅኡ ብምግላፅ፤ ካልኦት ኣብዝሓ ግና ብዘይስሩዕ ናብ ውሽጢ ዓዲ ይኣትው ከምዝነብሩን ሐዚ ግና ተመን ምንዛረ ናብ ዕዳጋ ዝመርሖ ተመን ምቅያሩ ኣብ ዋጋ ሸቀጣት ተወሳኺ ክፍጠር ከምዘይግባእ ብምግላፅ፤ እቲ ሪፎርም ተኸቲሉ ካብ ሕጊ ወፃኢ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ዝፈጥሩ ጉዳያት እንተተፈጢሮም ሕጋዊ መልሲ ንምሃብ እቲ ባንኪ ግቡእ ምድላው ከምተገበረ ሓቢሮም፡፡ ብኻሊእ ወገን ኣብ ትካላት ፋይናንስ ንዝግበር ዘይሕጋዊ ኣሰራርሓ ንምቁፅታር ጥብቒ ናይ ፊሲካልን ናይ ገንዘብን ፖሊሲ ተግባራዊ ከምዝገብርን ኣብዚ ድማ ቴክኖሎጂ መሰረት ዝገብረ ምድላው ምግባሩ ገሊፆም፡፡

ኢትዮጵያ ናብ ዝተማልአ ትግበራ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ምእታዋ ኣመልኪተን ሚኒስትር ፕላንን ልምዓትን ፍፁም ኣሰፋ (ዶ/ር) ኣብ ዝሃብኦ መግለፂ ከምዝበልኦ 'ውን፤ መንግስቲ ቐፃላይነት ዘለዎ ዕብየት ንምምዝጋብን ናይ ዜጋታት ኹለንተናዊ ተረባሕነት ንምርግጋፅ ዕላማ ብምግባር ዝተማልአ ትግበራ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ዝጀመሮ ኣብ ፅንዓት መሰረት ዝገብረን እኹል ምድላው ዝተገበረሉ ምኳኑን ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ጭቡጥ ኩነታት ኢኮኖሚ እታ ሃገር ዝሓሰበቶ ዕብየት ንምስኻዕ ዘየኽእል ብምኳኑ ናይ ለውጢ መንግስቲ እዚ ንምቅያር ዝጀመሮ ሃገር በቆል ተግባራዊ መመሓየሺ ኢኮኖሚ ምግባሩ ብምዝኽኻር፤ ኣብቲ እዋን ናይ ሃገር ውሽጢ ኣታዊን ካብ ወፃኢ ዝኣትው ፋይናንስ ውሑድ ምኳን፣ ትሑት ዓቅሚ ኣፈፃፅማ ፕሮጀክት፣ ማሕነቆታት ፖሊሲ ሓዊሱ መዋቅራዊ ፀገማት፣ ናይ ውልቂ ዘፈር ኣብቲ ኢኮኖሚ መሪሕ ዘይምኳኑ፣ ምንኣስ ምህርታማነትን ምዝሕሓል ዕድል ስራሕን ናይቲ ኢኮኖሚው ዋና ዋና መግለፂታት ከምዝነብሩ ገሊፀን።

እዚ ንምቅራፍን ንምቅላልን ሃገር ቦቀል መመሓየሺ ኢኮኖሚ ብምቕራፅ ናብ ስራሕ ምእታዉ ብምሕባር፤ ብፍላይ ኣብ መጀመርያ ምዕራፍ ኣብ ሰለስተ ዓምድታት ትኹረት ዝገብረ ተጨባጢ ለውጢ ኣምፂኡ 'ዩ። ብዋናነት ኣብ ማክሮ ፋይናንስ ዘርፍ ፖሊሲ ፊስኪል (ኣታውን ውፃእን መንግስት) ኣብ ዝምልከት ኣታውን ምምሕዳርን መንግስቲ ብምዝማን ለውጢ ምምፃእ ምኽኣሉ ሓቢረን 'የን። ትካላት ልምዓት መንግስቲ ዝነብሮም ሱር ዝሰደደ መሓውራዊ ፀገም ብምፍታሕ ኣትረፍቲ ክኾኑ ምኽኣሎምን፤ ልቃሕ ንግዲ ሙሉእ ብሙሉእ ብምትራፍ ፅዕቶ ዕዳ ኣብ ምቕናስ ዓብይ ስራሕ ምስራሑ ተዛሪበን።

ኣብ መጀመሪያ ሃገር በቆል መመሓየሺ ኢኮኖሚ ዝተረኸቡ ዓወታት ንምቕፃል ፀገማት ንምፍታሕ መንግስቲ ናብ ዝተማልአ ትግበራ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ምእታው ብምግላፅ፤ እቲ ውሳነ እዋናውን ኢትዮጵያ ንዝትሓልሞ ብልፅግና ምቹው መሰረት ዝፈጥር ምኳኑ ተዛሪበን። ኣብዚ ትግበራ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ተፅዕኖታት ንምቅናስ ክውሰዱ ዝግባእ ስጉምትታት ብፅንዓት ተመላኺቱ 'ዩ ኢለን።

ትግበራ ዝተማልአ ማክሮ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ኣብ ኣርባዕተ ጉዳያት ዘነፃፀርን ሐዚ 'ውን ነዛ ሃገር እናፈተኑ ዘለው ፀገማት ኢኮኖሚ ብምፍታሕ ኣብ ኸይዲ ተገማቲን ዝተረጋግዐ ኩነታት ማክሮ ኢኮኖሚ ንክህልዋ ዘኽእልን ኣብ ሓፂር፣ ኣብ ማእኸላይን ነዊሕን እዋን ምዝባዓት ዋጋ ብምስትኽኻል፣ ኣፍራይነት ብምውሳኽ፣ ናይ ወፃኢ ቐጥታ ኢንቨስትመንት ምጥንኻር፣ ናይ ወፃኢ ሓዋላ ብምዕባይ፣ ዘይሕጋዊ ምንቅስቃስ ኮንትሮባንድ ደው ብምባል ተጨባጢ ለውጢ ከምፅእ 'ዩ ኢለን።

ፅንዓትን እኹል ምድላውን ... ገፅ 7



**ኢትዮጵያ ኢኮኖሚኣ ዕፅው ገይራ ብምፅንሓ ንዘበናት ኣብ ፈተና ውሽጢ ንክትወድቅ ምግባሩ ብምግላፅ፤ ንኣብነት ናይ ወፃኢ ንግዲ ክንዲ ዝኣኽሎ ወፃኢ ሸርፊ ምእታው ተሳኢንዎ ምፅንሑን ፤ፍርያታት ኢትዮጵያ ብኮንትሮባንድ ንክወፅኡ ገይሩ እዩ**

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹እቲ ምምሕያሽ ዓቕሚ ገንዘብ ዘዳኽም ኣይኮነን››

*- ኣይተ በረከት ፍስሃፅዮን፣ዋና ስራሕ ፈፃሚ ክፍሊ ስራሕ ኢንቨስትመንት መንግስቲን ትልሚ ልምዓት ሚኒስቴር ልምዓትን ፕላንን*



መሰረት ገብረዮሃንስ

**ኣብ ቀረባ ተግባራዊ ምግባር ዝተጀመረ ምምሕዳር ስርዓት ሸርፊ ወፃኢ ምምሕያሽ ብዙሓት መዘራረቢ ኣጀንዳ ኾይኑ 'ዩ፡፡ መንግስቲ ዘካየዶ ሓፈሻዊ ናይ ማክሮ ኢኮኖሚ ምምሕያሽ ስዒቡ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ምምሕዳር ስርዓት ምምሕያሽ ብወገን ብሄራዊ ባንኪ ብሃገር በቀል ዘርፍ ምምሕያሽ ኢኮኖሚ ኹሉ ዝሓቖፈ ረብሓ ክምዘለዎ እቲ መግለፂ ኣፍሊጡ 'ዩ፡፡**

**ካብዚኦም ብርኪ ዕብየት ሃገር ምስ ዝተረፈ ዓለም ዘለዋ ርክብ እናዓበየ እናመፀ ዘሎ ምትእስሳር ዘጠናኽር ክምዝኾነ ተጠቂሱ 'ዩ፡፡ ምስፍሕፋሕ ፀሊም ዕዳጋ ዝቕንስ፣ ምኽባር ናብራ ብዘላቕነት ንምቁፅፃር ዘሕእል፣ ዝግበሩ ማዕድን ሰፊሕ ናይ ኮንትሮባንድ ንግዲ ዘትርፍ ከምዅ 'ውን ሸርፊ ወፃኢ ካብ ስርዓት ባንክ ወፃኢ ካብ ሃገር ንከይወፅእ ዝገብር ክምዝኾነ ገሊፃም፡፡ ኢንቨስተራት ወፃኢ ብምስሓብ ፣ ናይ ወፃኢ ቀጥታ ኢንቨስትመንት ዘዕቢ ክምዝኾነ ተዛሪቦም፡፡ ርግፅ እዚ ምምሕያሽ እዞም ኹሉ ረብሓ ሒዙ ድዩ ? ንዝብል ሕቶ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ምስ ኣይተ በረከት ፍስሃፅዮን ዝገበሮ ቃለ መሕትት ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፡፡**

**ትፕኢ፡- ብባንኪ ብሄራዊ ኢትዮጵያ ዕላዊ ዝተገበረ ምምሕያሽ ስርዓት ምምሕዳር ሸርፊ ወፃኢ ዋና ዓላማኡ እንታይ 'ዩ?**

**ኣይተ በረከት፡-** ናይ ሕዚ ምምሕያሽ ንምርዳእ ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩ ኩነታት ምልስ ኢልካ ምርኣይ ኣድላይ 'ዩ። ቅድም ኢሎም ዝነበሩ ናይ ማክሮ ኢኮኖሚ ስርዓት ዓብይ ምዝባዕ ስብራት ዝነበርዎም 'ዮም። በዚ ዝተልዓለ እቲ ኢኮኖሚ ዘጋጥምዎ መዋቅራዊ ፀገማት ንምፍታሕ ብዙሓት ኢኮኖሚያዊ ምምሕያሽ ተግባራዊ ክግበሩ ተራእዮም 'ዮም። ምስ እዚ ተደሓሒዙ ናይ ዓሰርተ ዓመት ልምዓትን ትልምን ናይ መጀመርያ ሃገራዊ በቀል ኢኮኖሚ ምምሕያሽ ተግባራዊ ከምዝተገበረ ዝዝከር 'ዩ። ኣብዚ ውሽጢ ብዋናነት ዝተፈላለዩ ናይ ማክሮ ኢኮኖሚ ጉዳያት ናይ ዘፈር ምህርትን ምህርታማነት ዝምልከቱን ኢንቨስትመንት ኩነታት ኸባብያዊ ምምሕያሽ ዝምልከቱ ነይሮም።

ኣብቲ እዋን ትኹረት ተዋሂብዎም ማክሮ ኢኮኖሚ ሪፎርም ናይ መንግስቲ ዕዳ ፅዕንቶ ምቕናስ እቲ ሓደ 'ዩ። ናይ መንግስቲ ኣታዊ ምምሕዳር ውፅኢታዊ ምግባር፣ ናይ መንግስቲ ልምዓት ትካል ውፅኢታውነት ምርግጋፅ ኣብ ገንዘብ ፖሊሲ ውሽጢ ናብ ዘመናዊ ፖሊሲ ገንዘብ ስግግር ምግባር ዝብሉ 'ዮም። ምስ እዚ ዝተድሓሓዘ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ተመን ውፅኢታዊ ንክኾን ኣብ ኢኮኖሚ ውሽጢ ዘለዉ ምዝባዓት ምእራም ተጠቀስቲ 'ዮም። እቲ ሓደ ሃገር በቀል ኢኮኖሚ ሪፎርም እንትዛዘም ዝተሰርሐ ውፅኢታዊ ዝኾኑ ኣጠናኺሩ ንምቕፃል ዘይተሰርሑ ንምስራሕ ዓብይ ግደ ዘለዎ 'ዩ። ብተወሳኺ 'ውን ኣብ ኢኮኖሚ ውሽጢ ምዝባዕ ንምፍታሕ ክውሰዱ ካብ ዘለዎም ምምሕያሽ እቲ ሓደ ካብ ወፃኢ ሸርፊ ተተሓሒዙ ዘለዉ ናይ ኣሰራርሓ ክፍተት 'ዩ። ብሓፂሩ ሕዚ ዝተወሰደ ናይ ማክሮ ኢኮኖሚ ምምሕያሽ ብድንገት ዝተኸሰተ እንተይኾነስ ቅድም ኢሎም እናተወሰዱ ዝነበሩ ብምትሕሓዝ ብኻልኣይ ሃገር በቆል ሪፎርን ምምሕያሽ ንምስራሕ ቀዲሙ ብትልሚ ዝተትሓዘ 'ዩ። ብሓፈሻ ናይ ሕዚ ምምሕያሽን ቅድሚ ሕዚ ዝተሰርሑ 'ውን ዕብየት ኢትዮጵያ ንምፍጣን፣ ንምኽባር ናብራ ንምቕናስ፣ ናይ ፊስካል ዓቕሚ ንምዕባይ፣ ናይ ወፃኢ ዕዳጋን ኢንቨስትመንት ንምስፍሕፋሕን ናይ ሃገር ዓለም ለኸ ወፃኢ ሸርፊ መጠባባቒ ዝጠራቐም ንምዕባይ ዓብይ ግደ ኣለዎ።

**ትፕኢ ፡- ሪፎርም ማክሮ ኢኮኖሚ ምምሕያሽ እንታይ ዓይነት ረብሓ ከርክብ 'ዩ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር ?**

**ኣይተ በረከት፡-** እቲ ምምሕያሽ ብዙሓት ረብሓታት ዘምፅእ 'ዩ። ካብዚኦም ውሽጢ እቶም ዋና እንተሊዕልና ናይ መንግስቲ ዕዳ ንምቅላል ዝጠቅም 'ዩ። ኣብ ውሽጢ ዕዳጋ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ስርጭት ፍትሓዊን ውፅኢታዊ ንዝኾኑ ዘፈራት ዝሓሸ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ጥራሕ ንክውዕል ንምግባር ዝሕግዝ 'ዩ። በዚ 'ውን ብኢኮኖሚ ግደ ዘለዎም ዘፈራት ዝሓሸ ሸርፊ ወፃኢ ንክረኽቡ ብምግባር ፍርያት ንምዕባይ ይረብሕ 'ዩ። ካብ ወፃኢ ዝኣትዉ ውፅኢት ዘይብሎም ፍርያት ኣብ ውሽጢ ሃገር ንክፈርዩ ይሕግዝ። እቲ ሪፎርም ሓፈሻዊ ብምዃኑ ናይ ወፃኢ ቀጥታ ኢንቨስትመንት ናይ ምዕባይ ዓቕሚ ኣለዎ። ብዓቕሚ ሃገር ውሽጢ ክትክኡ ዝኽእሉ ፍርያት ንምፍራይ ንውሽጢ ሃገር ባዓል ሃፍቲ ሰፊሕ ዕድል ዝኸፍት ብምዃኑ ንብዙሓት ዕድል ስራሕ ዝፈጥር 'ዩ። ከም ሃገር ዕዳጋን ውድድርን መሰረት ዝገበረ ዝተረጋገፀ ኢኮኖሚ ንክፈጥር 'ውን ዝጠቅም 'ዩ። ትኽክልኛ ዋጋ ብምትሓዝ ዓለም ለኸ ተወዳዳርነት ብምርግጋፅ ምስ ዓቕሚ ዝተመጣጠነ ናይ ወፃእን ኣታውን ንክህሉ ይገብር። ተወዳዳሪ ንምዃን ድማ ማክሮ ኢኮኖሚ ስብራት ንምፅጋን ዝጠቅም 'ዩ ዝኸውን። እዚ ድማ ንግዲ ሚዛን ጉድለት ንምፍታሕ ናይ ክፍያ ሚዛን ንምስትኽኻል ዓብይ ብፅሒት ዝወስድ 'ዩ። ብሓፈሻ ናይ ውልቀ ዘፈር ዝተምስረተ ጠንካራ ነፃ ኢኮኖሚ ዋና መረጋገፂ ኣብ ዕዳጋ ዝተመስረተ ዋጋ ምህላው 'ዩ።

**ትፕኢ፡- ፅዕንቶ ዕዳ መንግስቲ ከምዝቕንስ ኣልዒሉም ነይሮም ፤እዚ ብምንታይ መልክዑ 'ዩ ክኮን ዝኽእሉ ?**

**ኣይተ በረከት፡-** ፅዕንቶ ዕዳ ዝባሃል ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩን ኣብ ቀፃሊ ኢኮኖሚ ዝደልዮም ናይ ልምዓት ፋይናንስ ድልየት ዘካትት 'ዩ። ኣብ ምምሕያሽ ውሽጢ ከምዝተቐመጠ ስግግር ዕዳ ማለት ዕዳ ብዘላቕነት ካብ ምፍታሕ ኣንፃር ዝተገበሩ ስምምዕነት ኣለዉ። እዚ ድማ እቲ ዕዳ ዝኸፈለሉ ግዜ ንክፀንሕ ዝገብር 'ዩ። እዚ ሕዚ ዘሎ ፅዕንቶ ዕዳ ዘረጋግዕ እንተኾነ ኢኮኖሚ ብምዕባይ ኣታዊ መንግስቲ ብምውሳኽ ዕዳ ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ንክህሉ ዝገብር 'ዩ። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ኣላቃሕቲ ትኽክለኛ ዕዳጋ ከምዘሎ እንድሕር ፈሊጦም ዘለቅሕዎ ገንዘብ ክምለሰሎም ከምዝኽእል ስለዝኣምኑ ካልኦት ጉዳያት ብተወሳኺ ንልምዓት ዝውዕል ፋይናንስ ንምርካብ 'ውን ዝካኣለሉ ዕድል ዝፈጥረ 'ዩ። እዚ እንትባሃል ኹልግዘ ብልቃሕ ክንነብር ኢና ማለት ኣይኮነን። ዝርከብ ንብረት ብኣግባብ ኣብ ስራሕ ብምውዓል ልቃሕ ንምኽፋል ምኽኣልን፣ ካብዚ ብዝሓለፈ ብምቑጣብ ካልኦት ተግባራት ልምዓት ብናይ ባዕልና ዓቕሚ ንምፍጣር ዓብይ ግደ ዝህልዎ 'ዩ።

**ትፕኢ፡- እዚ ምምሕያሽ ናብ ጎረቤት ሃገራት ዝግበር ኮንትሮባንድ ንግዲ ንምቕናስ፤ ስላኽትን ኣምፃእትን ዋጋ ሸቐጣት ብዘይ ኣግባብ ልዕል ወይም ትሕት ንከየብሉ ዝህልዎ ረብሓ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ በረከት፡-** ኣብ ውሽጢ ዕዳጋ እቲ ሓደ ዓብይ ዋጋ ዘለዎ ተመን ሸርፊ ወፃኢ 'ዩ። እዚ ክውሰን ዘለዎ ድማ ስርዓት ስሩዕ ፋይናስ 'ዩ። ካብዚ ወፃኢ እንድሕር ኾይኑ ካብ ወፃኢ ኢድ ኣእታውነት ኣሎ ማለት 'ዩ። ቅድሚ ሕዚ ካብ ወፃኢ ሸርፊ ተተሓሒዙ ዝነበሩ ስርዓት ኣፍረይቲ ዘበረታትዕ ኣይነበሩን። ካብዚ ብምልዓል ሸርፊ ወፃኢ ብቀጥታ ንምርካብ ፍርያት ናብ ወፃኢ ሃገራት ብፍላይ ናብ ጎረቤት ሃገራት ብምውፃእ ዘኽእሉ ኩነታት 'ዩ ነይሩ። ብተወሳኺ እናተተግበረ ዝነበረ ሸርፊ ወፃኢ ስርዓት ትኽክለኛ ስርዓት ዕዳጋ ዘመላኽት ብዘይምዃኑ ዝሓሸ ንምርካብ ኣማራፂ ዝደልዩ ብዙሓት 'ዮም። ሕዚ ብዝተወሰደ ስጉምቲ ኣብ ዕዳጋ ውሽጢ ዝነበረ ሸርፊ ወፃኢ ተመን ባዕሉ ብዕዳጋ ዝውሰን ብምዃኑ እዚኦም ፀገማት ንምቕራፍ ዝሕግዝ 'ዩ። በዚ ድማ ቑጠባ ገንዘብ ተመጣጣኒ ዝኾነን ተወዳዳሪነት ዘንፀባርቕ ክኾን ይኽእል። እዚ ድማ ኣፍረይቲ ዘፍረይዎ ናይ ማዕድን ኾነ ናይ ኻልኦት ፍርያት ዝተፈለየ ፍርያት ስለዘይረኽቡ ብሃገር ውሽጢ ዕዳጋ ንምሻጥ ይበረታትዑ። ክሰብ ሕዚ ዝነበረ ልምዲ ብሸርፊ ወፃኢ ዝካየድ ኢ-ስሩዕ ዕዳጋ እናተስፋሕፈሐ ብምምፅኡ ኣብዝሓ ማሕበረሰብ ንግዲ ተገልገልቲ ሓዋላ ኣብዝሓ ብፀሊም ዕዳጋ እንትዕድጉን ይረኣዩ። እቲ ሓዱሽ ስርዓት ምምሓያሽ ስርዓት ሸርፊ እዚ ኩነታት ዕዳጋ ኣብ ግምት ውሽጢ ዘእተወን ከምዚ ዓይነት ዘይስሩዕ ኣሰራርሓ ብምትራፍ ተወዳዳሪ፣ ግልፅነትን ምችው ናብ ዝኾነ ዘመናዊ ዕዳጋ ስርዓት ምእታው ዘበረታትዕ ዝኾን 'ዩ።

**ትፕኢ፡- ንምኽባር ናብራ መደጎሚ መንግስቲ ካብ ወፃኢ ዝኣትዉ ናይ ሓደ ሓደ መሰረታዊ ሸቐጣት ዋጋ ብግዝያዊነት ንምዱንም ወሲኑ 'ዩ። ኾይኑ ግና ምምሕያሽ እቲ ሕብረተሰብ ብዘላቕነት ኣብ ምግባር ኣንፃር እንታይ ጥቕሚ ይህልዎ?**

**ኣይተ በረከት፡-** እቲ ምምሕያሽ እንትግበር ዕሙቕ ብምዃኑ ፅዕንቶ ይበፅሖም 'ዩ ተባሂሉ ዝሕሰብ ክፋል ማሕበረሰብ ንምሕጋዝ ብዙሕ ተሰሪሑ 'ዩ። በዚ ድማ ፍርያት ዘዕብይ ሴፍቲኔት ፕሮግራማት ተበፃሒ ንምግባር፣ መሰረታዊ ዝኾኑ ከም ነዳዲ፣ ማደባርያ፣ ዘይቲ መድሓኒት ዝበሉ ምህርቲ ድጎማ ዝግበረሎም 'ዮም ዝኾኑ። ነዚ ዝኸውን እኹል ፋይናንስ ዝተዳለወ እንትኾን ብተወሳኺ መንግስቲ ዓቕሚ ኣታዊ ብምዕባይ ፅዕንቶ ዘበዝሖም ዜጋታት ንምዕባይ በቢእዋኑ ዝስርሑ ብዙሓት ስራሕቲ ክህልዉ 'ዮም። እዚ ድማ ምምሕያሽ ስዒቡ ኣብ ዕዳጋ ውሽጢ ዝፍጠር ምኽባር ንምቁፅፃር ዘኽእል 'ዩ ዝኸውን። እዚ ኾይኑ 'ውን ከምዚ ዓይነት

‹‹እቲ ምምሕያሽ. . . ገጽ 6

# ዕዱም ጋሻ

## ‹‹እቲ ምምሕያሽ ዓቕሚ ገንዘብ...

ዓበይቲ ምምሕያሻት እንትውሰዱ ኣብ ዕዳጋ ውሽጢ ፀገማት ከምዝህልዉ ትፅቢት ይግበር:: ነዚ ድማ ብወገን መንግስቲ እቲ ሕብረተሰብ ንፀገም ከይቃላዕ መሰረታዊ ዝኾኑ ሸቐጣት ዝውሰዱ መሰረታዊ ተኸታታልነት ዘለዎም ቁፅፅራት ስጉምቲ ክህልዉ 'ዮም:: እዚ ድማ ካብ ዝተለመደ ኣካይዳ ዝተፈለየ ለውጢ ከምፅእ ይኽእል 'ዩ:: ነዚ ድማ ካብ ወፃኢ ዝመፁ ፍርያት ብዝተወሰነ ብርኪ ናይ ዋጋ ምኽባር ከሪኡ ይኽእሉ 'ዮም::

እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ካብ ወፃኢ ዝኣትዉ ፍርያት ምንነት ተፈሊዩ ክረአ ኣለዎ:: ኣብዝሓ ነባሪ ካብ ከተማ ወፃኢ ዝነብር 'ዩ:: ከጋጥም 'ዩ ተባሉ ትፅቢት ዝግበረሉ ወሰኽ ኣብዝሓ ዜጋ ንዝተጋነነ ዘውፅእ ኣይኮነን፤ ኣብዝሓ ህዝቢ ዝነኽኡ ጉዳያትን ነዚ ስዒቡ ዘጋጥሙ ነገራት ንምቁፅፃር ምድላው ተገይሩ 'ዩ:: ብኣንፃሩ ይፍጠር 'ዩ ተባሂሉ ዝተስግአ ሓደ ሓደ ፍርያት ዋጋ ምውሳኽ ውሽጢ ፍርያት ዘበረታትዕ 'ዩ ዝኸውን::

**ትፕኢ፡¬- ኣብ ሃገርና እናተሰርሑ ዘለዉ ምንቅስቓሳት ኢንቨስትመንት ንምቕፃል ዘለዎ ግደ እንታይ 'ዩ?**

**ኣይተ በረከት፡-** ቅድሚ ኸዚ ኢኮኖሚ ሓኒቆም ዝሕዙ ሽርፊ ወፃኢ ኣሰራርሓ ስርዓት 'ዩ ነይሩ:: እዚ ሓድሽ ምምሕያሽ ብምስግጋር ውፅኢታዊ ንዝኾኑን ብዓለም ለኸ ብርኪ ተወዳዳሪ ንዝኾኑ ዘፈራት ተበፃሒ ንምግባር ዘኽእል 'ዩ:: ናይ ወፃኢ ኢንቨስተራት ናብ ሃገር እንትኣትዉ ሒዘምዎም ዝመፁ ዕዳላት ከምዘሎ ክፍላጥ ኣለዎ:: ብሓፈሻ ኢንቨስትመንት ዘነቓቕሕ 'ዩ:: ዘሎ ዓቕሚ ብኣግባቡ ብምጥቃም ድልየት ውሽጢ ሃገር ብሃገር ውሽጢ ምህርቲ ንምትካእ ዘበረታትዕ 'ዩ:: ኣብዚ እዋን ዓቕሚ መንግስቲ እናተጠናኸረ ይመፅእ:: ነዚ ስዒቢ ዕብየት ኢኮኖሚ ንምቕፃል ናይ ዜጋታት ፍትሓዊ ተረባሕነት ንምርግጋፅ ዘኽእሉ ናይ መንግስቲ ማሕበራውን ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ዝቕፅሉ 'ዮም ዝኾኑ:: በዚ ድማ ብሪፎርምን ናብ ሃገር ውሽጢ ንክኣቱ ዝግበር ልዑል ዝኾነ ፋይናስ ዝህብ 'ዩ:: ብወገን መንግስቲ 'ውን ካብ ታክስን ታክሲ ካብ ዘይኾኑን ካልኦት ፍልፍላት ዘረኽቦም ኣታዊ ንምዕባይ ዝስርሑ ጠንካራ ስራሕቲ ኣለዉ:: ብተወሳኺ ናይ መንግስቲ ወፃኢ ብኣግባቡ ፈርዩ ውፅኢታዊ ንክኸውን ብመንግስቲ ወፃኢ ምምሕዳር ዝውሰድ ተኸታታሊ ዘለዎም ስጉምቲ ክህልዉ 'ዮም::

**ትፕኢ፡- እዚ ምምሕያሽ ብሄራዊ ባንክ ግደ ዝፈታተን ኣይኾንን?**

**ኣይተ በረከት፡-** ዕዳጋ ዋጋ ብባንክን ብዓማዊልን ዝውሰን እንትኾን ግደ ብሄራዊ ባንኪ ዝህልዎ ዋጋ ናይ ምርግጋፅ ተግባር ጥራሕ 'ዩ:: እቲ ሓደ ካብ ቁፅፅር ወፃኢ ዝኾኑ ዘይምርግጋፅ እንተጋጥሙ ዘሎ መጠባባቂ ሸርፊ ወፃኢ ናብ ዕዳጋ ብምእታው ሕፅረት ዝቐርፍ 'ዩ ዝኾን:: ብተወሳኺ ኣብ ኢኮኖሚ ዘለዉ ምንሃርን ምዝሓልን ንምስትኽኻል ብተዘዋዋሪ ፖሊሲ ኣብ ገንዘብ ዝወስዶም ዝተፈላለዩ ስጉምቲ ኣለዉ:: እዚኦም 'ውን ዝተረጋገዐ ኸባቢ ኢንቨስትመንት ብምፍጣር ትኽክለኛ ዋጋ ተመን ንክህሉ ዘኽእል 'ዩ:: ብሓፈሻ ሸርፊ ወፃኢ ተመን ተግባር ምጭብርባር ምፍፃም ፍፁም ዝተኸልከለ 'ዩ:: ብሄራዊ ባንክ ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ብልሓት፣ብፍላይ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ብምጥቃምን ከም ኣገዳስነቱ ካብ ፋይናንስ ድሕንነትን ካልኦት ሕግ ኣኽበርቲ ኣካላትን ብመተሓባባሪ እዚኦም ናይ ቁፅፅርን ክትትልን ስራሕቲ ዝሰርሑ 'ዮም:: ሕጊ ኣብ ዝጣሓሰሉ እዋን ስጉምቲ ዝወስድ 'ዩ ዝኸውን::

**ትፕኢ :- ዝተገበረ ምምሕያሽ ዓቅሚ ገንዘብ ንምድኻም 'ዩ ይባሃል እዚ ከመይ ይሪእዎ?**

**ኣይተ በረከት፡-** ገንዘብ ንምድኻም ዝባሃል ብዋናነት መንግስቲ ካብ ዝነበሮ ተመን ሽርፊ ወፃኢ ስርዓት ዝተፈለየ ክፍያ ናይ ሃገር ውሽጢ ገንዘብ ዘዳኽም መልክዕ ዝውሰነሉ ስርዓት እንትዝርጋሕ 'ዩ:: ማለት 'ውን ኣቕርቦት ዕዳጋ ዓቅርቦትን ድልየትን መሰረት ከይገበረ ምውሳን ማለት 'ዩ:: ኸዚ ዝተገበረ ኣብ ዕዳጋ ዝተመስረተ ምምሕያሽ ዋጋ ተመን ግን መንግስቲ ምምሕያሽ ስርዓት መንግስቲ ዕዳጋ ክፍቲ ብምግባር ስራሕ ምቁፅፃር ክስራሕ ዘግብር 'ዩ:: እቲ ተመን ዝውሰን ግና ኣብ ውሽጢ ዕዳጋ ብዘሎ ኣብ መንጎ ኣቕርቦት ወፃኢ ሽርፊ ድልየትን ብዝህልዎ ምትእስሳር 'ዩ ዝኾን:: ቅድም ኢልና ከምዝገለፅናዮ ኣብዚ ከይዲ ብሄራዊ ባንኪ ዝህልዎ ናይ ምርግጋፅ ግደ ከምዝተሓለወ ኾይኑ መንግስቲ ብቀጥታ ኣትዩ ዘቐምጦ ተመን ኣይህሉን ማለት 'ዩ::

**ትፕኢ፡-እዚ ምምሕያሽ ስዒቡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝተፈጠረ ምድንግጋር ንምስትኽኻል እንታይ ንምስራሕ ተሓሲቡ?**

**ኣይተ በረከት፡-** ክመፁ 'ዮም ዝተብሃለ ፅዕንቶ ሕድሕድ ኣካላት ከምዝገልፅዎ ዝተጋነነ ኣይኮነን:: ከጋጥሙ ዝግበኦም ጉዳያት ቀዲሞም ዝተፈለዩን ቅድመ ምድላው ዝተገበረሎም 'ዮም:: ዝፈጥሩ ፅዕንቶ ንምክልኻል ዝውሰዱ ተኸታታሊ ስጉምቲ ክህልዉ 'ዮም:: ርግፅ እቲ ምምሕያሽ ጥልቀት ዘለዎን ብዙሕ ነገር ዝነኻኽእ 'ዩ:: ብተቃራኒ ድማ ብዙሕ ሰናይ ዕድል ዝሓዙ 'ዮም:: ስለ እቲ ምምሕያሽ ንምፍላጥ ዝነበሩን ዘለዉን ኣብ ቀፃሊ ክፍጠሩ ዝኽእሉ ነገራት ብዕምቆት ምርዳእ ትፅቢት ይግበር:: ስለዝኾነ ዜጋታት ሓበሬታ እዚ ሪፎርም ዘፈፅሙ ኣካላት ጥራሕ ምርካብ ወይ ካብዚኦም ምርግጋፅ የድሊ:: ብተወሳኺ ሃገርን ህዝብን ብዘላቕነት ተረባሒ ንምግባር መንግስቲ ዝወስዶም ሕጊ ናይ ምኽባር ስጉምቲ ዜጋታት ብዝኽእልዎ ኹሉ ክድግፍዎ ይግባእ::

**ትፕኢ፡- ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን::**

**ኣይተ በረከት፡-** ኣነ 'ውን ኣመስግን::

## ረብሓታት ምምሕያሽ...

እዚ መመሓየሺ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ብሃገራዊ ባንኪ ጥራሕ ዝትመነሉ ዝነብረ ስርዓት ተቀይሩ ተመን ሽርፊ ወፃኢ ብዕድጋ ንክውሰን ምግባር ማለት እንታይ ማለት ዩ? ምስ ምድኻም ዓቅሚ ገንዘብ ብምንታይ ይፍለ? ኣብ ስርዓት ምንዛረ ሽርፊ ወፃኢ ዝህለዎ ፅዕነቶ እንታይ 'ዩ? ኣብ መበረትታዕ ኢንቨስትመንትን ካልኦት ረብሓታት ህዝብን ሃገርን ዝህለዎ ግደ እንታይ ክኸውን ይኽእል? ኣብ ዝብሉ ሓሳባት ናይቲ ዘፈር ምሁራት እንታይ ይብሉ።

ኣብ ሚኒስቴር ፕላንን ልምዓትን ፈፃሚ ስራሕ ምምሕዳር ትልሚን ኢንቨስትመንት መንግስቲን በረከት ፍስሃፅዮን ሙሉኡ መመሓየሺ ትግበራ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ኣብ ጥንኩር ሲቪል ሰርቪስ ዓቕሚ ገንዘብን ፊሲካል ፖሊሲን ብምህናፅ ስርዓት ምሕደራ ሸርፊ ወፃኢ ንምዝማን ዘኽእል ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ እቲ መመሓየሺ ዓቅሚ ገንዘብ ብር ዘዳኽም ዘይኾነስ ዕዳጋ መሰረት ዝገበረ ስርዓት ሸርፊ ወፃኢ 'ዩ ፈጢሩ ይብሉ።

ኣብ ዕዳጋ ዝተመስረተ ስርዓት ተመን ሸርፊ ወፃኢ ካብ ኢድ ኣታዊነት መንግስቲ ባንክታትን ተገልገልትን ብዝህልዎም ስምምዕነት ሸርፊ ወፃኢ ከምዝውሰን ብምሕባር፤ በዚ ምኽንያት ድማ ናይ ገንዘብ ዋጋ ክውስኽ ወይ ክቅንስ ከምዝኽእልን ካብ ደገ ዝኣትው ዋጋ ኣቁሑት 'ውን ብተመሳሳሊ ክቅንስ ወይ ክውስክ ከምዝኽእል 'ዮም ዝዛረቡ።

እዚ ድማ ናይ ባዕሉ ኣወንታውን ኣሉታውን ፅዕንቶታት ከምዝህልዎ ዝገልፁ ኣይተ በረከት፤ ይኹን እምበር ኣብዝሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢታት ገጠር ዝነብር ምስ ምኳኑ ኣብዝሓ ዝጥቀሞም ፍርያታት ዓርሱ ዘፍርዮም ኮይኑ ገለ ንእታወታት ዝጥቀመሎም ድማ ካብ ደገ ከምዝቅበል ይዛረቡ። እዚ ስለዝኾነ ድማ እዚ ዝተገብረ ምምሕያሽ ፍርያት ውሽጢ ዓዲ ብምብርትታዕ ብዘይኣግባብ ካብ ደገ ዝኣትው ዝነብሩ እታዎታት ንኽተርፉ ብምግባር ጠለብ ዶላር ንምቅናስ ዕድል ክፈጥር ከምዝኽእል 'ዮም ዘረድኡ።

እዚ ኾይኑ 'ውን እቲ ሓዱሽ ስርዓት ዝተወሰነ ናህሪ ዕዳጋ ዘምፅእ እንተኾነ 'ውን መንግስቲ ብዘቐመጦ ኣንፈት እንትተግቢሩ እቲ መመሓየሺ ልዑል ጉድኣት ከምዘየብፅሕ ብምግላፅ፤ ኣብቲ ትግበራ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ መንግስቲ ኣብ ነዳዲ፣ መዳበሪያ፣ ዘይቲ፣ መድሓኒትን ካልኦትን ድጎማ ምግባሩ ዕዙዝ ረብሓ ከምዘለዎን እቲ መመሓየሺ ዕዉት ንኽኸውን ድማ ብፍላይ ሙሁራን፣ ትካላት ፍትሒ፣ ማሕበረሰብ ንግዲ ብሓፈሻ ዜጋታት ትፅቢት ዝግበረሎም ክዋፅኡ ከምዝግባእ ኣልዒሎም ።

ኣብ ዩኒቨርስቲ ጎንደር መምህር ክፍሊ ኢኮኖሚ ትምህርቲ ዝኾኑ ይንገስ ኣለሙ (ዶ/ር) ከምዝብልዎ፤ ኣብዚ ሰሙናት ዝተገብረ ስርዓት ብዕዳጋ ዝትመን ሽርፊ ወፃኢ (ፍሎቲንግ ) ወይስ ዓቅሚ ምድኻም ገንዘብ (ዲቫሉዌት) 'ዩ ኣብ ዝብል ኣከራኻሪ ነገራት እንተተለዓሉ 'ውን ብዕዳጋ ዝትመን ገንዘብ (ፍሎቲንግ) ስርዓት ምኳኑ 'ዮም ዝገልፁ፡፡

እዚ ስርዓት ዝተፈላልዩ ሃገራት እናተግበርዎ ዝፀንሑ ኮይኖም፤ ንሓደሓዲኦም ውፂታዊ እንትገብሮም ንሓደሓዲኦም ድማ ከምዝጎድኦም ብምግላፅ፤ በዚ ስርዓት ኣብ ሃገር ውሽጢ ዝህልው ኣቅርቦት ሸርፊ ወፃኢ ብጣዕሚ ወሳኒ ምኳኑ ብምልዓል፤ ኣብ ምልማዕ ዝርከባ ሃገራት ናብ ወፃኢ ዕዳጋ ካብ ዘቅርብዎ ካብ ወፃኢ ዘእትውዎ ሸቀጣት ዝበልፁ ብምኳኖም ሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ከምዘጋጥም እሙን 'ዩ ዝበሉ 'ቶም መምህር፤ ኢትዮጵያ 'ውን እዚ ከምዘጋጥማ ግልፂ ምኳኑን እዚ ፀገም ንምቅራፍ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ዓለም ለኸ ትካላት ገንዘብ ዝረኸበቶ ሓገዝን ልቓሕን ነቲ ፀገም ንምክልኻል ከምዝሕግዛ 'ዮም ኣልዒሎም፡፡


ኣብ ናይ ሓንቲ ሃገር ዕብየት ኢኮኖሚ ውሽጢ ንወፃኢ ዕዳጋ እተቅርቦ መጠን ምህርቲ ወሳኒ 'ዩ ዝበሉ እቶም መምህር፤ ስለዝኾነ ንወፃኢ ዕዳጋ ዝቀርቡ ፍርያታት መጠንን ዓይነትን ብምውሳኽ ካብ ደገ ዝኣትው ድማ ምቅናስ ከምዝግባእ ብምብራህ፤ ብተወሳኺ እቲ ህዝቢ መሰረታዊ ካብ ዝኾኑ ነገራት ወፃኢ ናይ ደገ ፍርያታት ብዘይምግዛእን ናይ ውሽጢ ዓዲ ፍርያታት ናይ ምጥቃም ባህሉ እናዕበየ እንተኸይዱ እቲ መመሓየሺ ማክሮ ኢኮኖሚ ውፅኢታማ ክኸውን ይኽእል 'ዩ ይብሉ፡፡

ብተመሳሳሊ ገዛኢ ብሔራዊ ባንኪ ኣይተ ማሞ ምህረቱ ኣብዚ መመሓየሺ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ኣመልኪቶም ከምዝብልዎ፤ ኣብ ስርዓት ምምሕዳር ወፃኢ ሽርፊ ዝተገበረ ለውጢ ጥዕና ዘለዎን ዕብየት ኢኮኖሚ ንምቅፃል ዘኽእል ታሪኻዊ ውሳነ 'ዩ ብምባል፤ ቅድሚ ሃገራዊ ለውጢ ዝነበረ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ንሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ዝገበረ፣ ውልቀ ሴክተራት ካብ ልቃሕ ዘየገላግለን ልዑል ፅዕንቶ ልቃሕ ዝነበሮ ከምዝነብረ ብምዝኽኻር፤ እቲ ዝነበረ ዕብየት ኢኮኖሚያዊ ኢንቨስትመንት 'ውን መንግስቲ መሰረት ዝገበረ ብምኳኑ ፋይናንስ ዝግበረሉ ዝነበረ መንገዲ ጥዕና ከምዘይነብሮን በዚ ናይ ለውጢ መንግስቲ ግና ሃገር ቦቕል ሪፎርም ኢኮኖሚ ብምቅራፅ ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ ንምፅጋን ዘኽእሉ ስጉምትታት ከምዝተወሰደ 'ዮም ዝገልፁ።

ሃገራዊ ባንኪ ካብ ዝገብሮም ሪፎርምታት ስርዓት ምቅያር ሸርፊ ወፃኢ ሓደ ከምዝኾነን ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዕላዊ ብዝተግበረ ማዕቀፍ ምምሕዳር ሕጊ ሸርፊ ወፃኢ ብዙሓት ለውጥታት እናምፅኡ ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ ንኣብነት 'ውን ሃገራዊ ባንኪ ጥራሕ ይትምኖ ዝነብረ ስርዓት ብኣንፃሩ ካብ ዕዳጋ ዝተረሓሓቀ ዝነብረ ምስፋሕ ኣፈላልይ ሸርፊ ወፃኢ ሓዊሱ ብዙሓት ፀገማት ዝነበሩ ከምዝኾኑን፤ በዚ መንፅር ተመን ሸርፊ ወፃኢ ብዕዳጋ ንክውሰን ምግባሩ ሓቢሮም 'ዮም፡፡

እዚ ትግበራ ሪፎርም ቀፃላይነትን ጥዕና ዘለዎን ዕብየት ኢኮኖሚ ንክህልው ዝገብር ብምኳኑ፤ ብዓለም ለኸ ትካል ገንዘብ (ኣይኤምኤፍ) ትንበያ ጥራሕ ኣብ ቀፃሊ ኣርባዕተ ዓመታት ማእኸላይ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ 8 ሚእታዊ ክዓቢ 'ዩ። በዚ ሪፎርም ኣብ ተኣካቢ ኣታዊ ዓቅሚ ዝፈጥር፣ ዕቋር ወፃኢ ሸርፊ ዝውስኽ፣ ትርጉም ብዘለዎ መልክዕ ኤክስፖርትን ኢንቨስትመንትን ዝልውጥ ከምኡ 'ውን ፍትሓዊነትን ኢኮኖሚ ዘስፍን ከምዝኾነ 'ዮም ዘመላኽቱ።

ኣብ ፍሎቲንግ ስርዓት ውሽጢ ካሊእ ጥቅሚ ድማ ኣብ ፀሊም ዕዳጋን መደበኛ ዕዳጋን ዝህልው ኣፈላላይ ንክፀብብ ዕድል ዝፈጥር ምኳኑ ብምልዓል፤ እቲ መመሓየሺ ንዝተፈላለዩ ናይ ወፃኢ ሃገራት ሰብ ሃፍቲ ዝበለፀ ሰሓቢ ከምዝገብሮ 'ዮም ገሊፆም። እዚ ድማ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣር፣ ናይ ውሽጢ ሃገር ፍርያት ዕብየት ንክምዝገብ፣ ናይ ባዕልኻ ፍርያት ናይ ምጥቃም ባህሊ ዘበራትዕን ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ብዘላቅነት ዘዕቢ ምኳኑ 'ዩ ተገሊፁ።



## ሕብረተሰብ ምስ ክራማት ተታሓሒዞም...

ኣለዎም:: ብፍላይ ሰብ ሞያ ንሕበረተሰብ ከምህሩ ኣለዎም ክብሉ መኺሮም::

ሕብረተሰብ ብፍላይ ኣብ ምሕላው ውልቐን ከባቢን ፅሬት ቐላሕታ ክገብር ኣለዎ:: ካሊእ ኣብ ከባቢኡ ዝሓመመ ሰብ እንተሪኡ ኣብ ከባቢኡ ናብዝርከብ ትካል ጥዕና ክወስዶ ኣለዎ::

ክሳብ ሕዚ መብዛሕትኡ እቲ ሓደጋ ተራእዩ ዘሎ ብዋናነት ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ወረዳ ኣስገደን ፅምብላን 'ዩ፤ እቲ ዝበዝሐ ዝተረኣየ ኣብ ወረዳ ኣስገደ ጣብያታት ደደቢት፣ ሰላም፣ ዕዳጋ ሕብረት፣ ማይ ሓንሰን ዝበሉ ከባቢታት ኮይኑ ኣብ ወረዳ ፅምብላ ኣብ ደብረማርያም ዝበሃል ቦታ 'ውን ኣጋጢሙ ከምዘሎ ብምሕባር፤ እዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ዝተበከለ ማይ ብምስታይ ከምዝኾነ ሓቢሮም::

ዝኾነ ሰብ ምልክት ሕማም ኮሌራ ክርኢ እንተሎ እንተስ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከብ በዓል ሞያ ጥዕና፣ ወይ ትካላት ጥዕና ሓበሬታ ክህብ ኣለዎ ክብሉ ኣይተ ገብረሰላማ መልእኽቶም ኣሕሊፎም::

# ማሕበረሰብ ኣብ ቕረምቲ ብዝፍጠሩ ሕማማት ንኸይሳጣሕ ስራሕቲ ምክልኻል ክስራሕ ይግባእ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፡- ማሕበረሰብ ኣብ ወቕቲ ቕረምቲ ብዝፍጠሩ ሕማማት ንኸይሳጣሕ ዓርሱ ናብ ሕማም ካብ ዘቃልዑ ነገራት ናይ ምሕላውን ምክልኻልን ስራሕ ክሰርሕ ይግባእ ክብሉ ሰብ ሞያ ጥዕና ተዛሪቦም።

በዓል ሞያ ጥዕና ማሕበረሰብ ዶክተር ዮሃንስ ኮስትር ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ማሕበረሰብ ኣብ ወቕቲ ቕረምቲ ናብ ዝፍጠሩ ሕማማት ንኸይሳጣሕ ዓርሱ ናብ ሕማም ካብ ዘቃልዑ ነገራት ናይ ምሕላውን ምክልኻልብ ስራሕ ክሰርሕ ይግባእ።

ኣብ ወቕቲ ቕረምቲ ዝተፈላለዩ ተመሓላለፍትን ዘይመሓላለፉን ሕማማት ማለት 'ውን ሕማማት ሳንባ፣ መተንፈሲ ኣካላት፣ ሰዓልን ዓሶን ተፈጢሮም ንማሕበረሰብ ስግኣት ጥዕና ዝኾኑሉ እዋን 'ዩ ዝበሉ ዶክተር ዮሃንስ፤ እቶም ሕማማት ብኣብዝሓ ዝፍጠሩ እንተኾኑ 'ውን ኣብ መተንፈሲ ኣካል ዝፍጠሩ ሕማማት ኣብ ልዕሊ ሰባት ናይ ምፍጣርን ፀገም ጥዕና ናይ ምስዓብን ዕድሎም ዝለዓለ ምዃኑ ኣብሪሆም።

ኣብ እዋን ቕረምቲ ብደረቕን ፈሳስን ጉሓፋት ኽምኡ 'ውን ብኻልኦት ነገራት ብኽለት ከባቢ ስለዝፍጠር ተመሓላለፍትን ዘይመሓላለፉን ሕማማት ስግኣት ጥዕና ዝኾኑሉ ኹነታት ልዑል ምዃኑ ብምሕባር፤ ማሕበረሰብ ኣብ ቕረምቲ ካብ ዝፍጠሩ ሕማማት ዓርሱ ንምክልኻል ውልቃዊ፣ ስድራቤታውን ከባቢያውን ፅርየት ናይ ምሕላው ስራሕ ክሰርሕ ይግባእ ኢሎም።

ሰብ ሞያ ጥዕና ብዛዕባ ኣተሓሳልዋ ጥዕና ንዜጋታት ናይ ምምሃር፣ ማሕበረሰብ 'ውን ናብ ዓሶን ናብ ሕማም መተንፈሲ ኣካላትን ንዘቃልዑ ቦታታት ናይ ምፅራይ ሓላፍነቱ ብምውፃእ ኣብ ቕረምቲ ዝፍጠሩ ሕማማት ክከላኸል ይግባእ ክብሉ ኣመላኺቶም።


ዶክተር ዮሐንስ ኮስትር


ዶክተር ሚሊዮን ደቻሳ


ሲስተር ኣሰገደች ጋሻው

ኣብ ኮሌጅ ሕክምና ሆስፒታል ቅዱስ ጳውሎስ ስፔሻሊስት ሓኪም ህፃናትን ሓላፊ ትምህርቲ ሕክምና ህፃናትን ዶክተር ሚሊዮን ደቻሳ ብወገኖም፤ ንወቕቲ ቕረምቲ ስዒቡ ዝመፁ ሕማማት መብዛሕቲኦም ተመሓላለፍቲ ብምዃኖም ማሕበረሰብ ጥዕንኡ ክሕልው። ይግባእ።

ዓሶ፣ ማይ ወለድ ሕማምን ሕማማት ኣንጀት ማለት 'ውን ጃርድያ፣ ኣሜባ፣ ኣተት ብሓፈሻ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ብዝግበር ምንኽኻእ ዝፍጠሩ ሕማማት ኣብ እዋን ቕረምቲ ንጥዕና ማሕበረሰብ ኣስጋኢቲ ምዃኖም ብምሕባር፤ ማሕበረሰብ ናይ ኸባቢኡን ውልቀኡን ፅርየት ብምሕላው ማለት 'ውን ዝዓቖሩ ጉድጓዳት ማይ ብምፍሳስ፣ ኣወጋግዳ ፈሳሲ ብምስትኽኻልን ኣጠቓቕማ ሽንቲ ቤት ብምዝማንን ብሕማማት ንኸይተሓዝ ዓርሱ ክከላኸል ይግባእ ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣብ እዋን ቕረምቲ ዝፈጠሩ ሕማማት ኣብ ጥዕና ማሕበረሰብ ጉድኣት ንኸየብፅሑ ስራሕቲ ቕድመ ምክልኻል ክስራሕ ይግባእ ክብላ ዝገለፃ ሲስተር ኣሰገደች ጋሻው፤ ማይ ወለድ ሕማማት፣ ኣተት፣ ኣስሚ፣ ሳይነስ፣ ዓሶን ሰዓልን ኣብ እዋን ቕረምቲ ብኣብዝሓ ተፈጢሮም ኣብ ማሕበረሰብ ፀገም ጥዕና ከምዘስዕቡ ብምሕባር፤ ማሕበረሰብ ኣከዳድንኡ። ብምስትኽኻል፣ ውልቃውን ከባብያውን ፅርየቱ ብምሕላው፣ ማይ ኣፍሊሑ ብምስታይ ጥዕንኡ ክሕልው ይግባእ ክብላ ተዛሪበም።

ምዝባዕ ስርዓት ኣመጋግባ ማሕበረሰብ፣ ብዛዕባ ኣተሓሳልዋ ጥዕና ዘለዎ ግንዛበ ንኡስ ምዃኑን ዝምልከቶ ኣካል ስራሕቲ ግንዛበ ምጩባጥ ብግቡእ መገዲ ብዘይምስርሑ ማሕበረሰብ ናብ ተመሓላለፍትን ዘይመሓላለፉን ሕማማት ናይ ምቕላዕ ዕድሉ እናዓበየ እዩ ክብላ ገሊፀን።

ማሕበረሰብ ካብቶም ሕማማት ናፃ ንክኸውን ስርዓት ኣመጋግብኡ ምስትኽኻል፣ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስራሕ፣ ከባብያውን ውልቃውን ፅርየት ምሕላው፣ ናይ ሕማም ስምዒት እንትስምዖ ኣብ ቐረብኡ ናብ ዝርከብ ጣብያ ጥዕና ብምኻድ ግልጋሎት ሕክምናን ምኽሪ በዓል ሞያ ክረክብን ኣለዎ ክብላ መልእኽቲ ኣሕሊፈን።

# ስራሕ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ...

መስፈን ኣርኣያ ብፍላይ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብዓሰርተ ክልላትን ክልተ ምምሕዳር ከተማታትን ዝተጀመረ ከይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ክሳብ 30 መስከረም 2017 ዓ.ም ንምዝዛም እናተሰርሐ 'ዩ፡፡

ኣብ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን 'ውን ተዛማዲ ሰላም ኣብ ዝህልወሉ እዋን ናብ ኣጀንዳ ምፍላይ ንምእታው ምድላው እናተገብረ ምዃኑ ፕሮፌሰር መስፈን ኣብሪሆም።

ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ዘሎ ኩነታት ምፍራስ ፀጥታ ዝተወሰነ ፅልዋ እኳ እንተሐደረ ኣብዝተጀመረሎም ቦታታት ከይዲ ምእካብ ኣጀንዳ ብዝግባእ ኩነታት እናኸደ ከምዝርከብ እቶም ኮሚሽነር ገሊፆም።

ምፍላይ ኣጀንዳ ክሳብ መወዳእታ መስከረም ዝደፍኦ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ክልል ዓፋር ልዑል ሙቐት ስለዘጋጠመ 'ዩ ኢሎም፡፡

ናይቲ ኮምሽን ዋና ተግባራት ኣካታቲን ኣሳታፍን ዝኾነ ሃገራዊ ምኽክር ምክያድ ብምዃኑ ጉባኤ ኣካል ጉድኣት ተዳልዩ 'ዩ ዝበሉ ፕሮፌሰር መስፍን፤ እቲ ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ንኹሉ ዜጋታት ናይ ሓባር መድረኽ እናመቻቸወ ሃገራዊ ምርድዳእ ንክፍጠር እናሰርሐ ከምዝኾነ ኣረዲኦም፡፡

ናይቲ ምኽክር ዓላማ ካብ ህዝቢ ዝተኣከቡ ኣጀንዳታት ኹሉ ብዝግባእ ተፈልዮም ብዝተመረፁ ናይ ሃገር ተወከልቲ ኣድላይ ዘተ ተገይሩ ኣብ ምርድዳእ ምብፃሕ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

ኣብቲ ከይዲ ክሳብ ኸዚ ምንም ዓይነት ናይ ወፃኢ ኾነ ናይ ውሽጢ ዓዲ ጣልቃ ዘይምህላዉ ዝገለፁ ፕሮፌሰር ምስፍን፤ ኾይኑ ግና ኹሉ ፓርትታት ፖለቲካ ናይ ዕጥቂ ቃልሲ እናገበሩ ዘለዉ ወገናት ናብ ሃገራዊ ምኽክር ብዘይምምፀኦም ናይ ባዕሉ ዝኾነ ኣሉታዊ ፅዕንቶ እናሕደረ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም፡፡

ከም ፕሮፌሰር መስፍን ገለፃ፤ ኣብቲ ምኽክር ናይ ካልኦት ሃገራት ተሞክሮ ተወሲዱ ካብ ማንም ጣልቃ ኣታውነት ነፃ ተገይሩ 'ዩ፡፡

ንኣብነት ኣብ የመንን ሱዳንን ሃገራዊ ምኽክር ናይ መንግስትን ካልኦት ኣካላትን ጣልቃ ኣታውነት ስለዝነበሮ ፍረ ኣልቦ ኾይኖም 'ዮም ክብሉ ኣረዲኦም፡፡ ንሃገራዊ ምኽክር ምስኻዕ ግደ መራኸቢ ሓፋሽ ልዑል ብምዃኑ ግቡእ ሓገዝ ንክገብሩ ፃውዒት ኣቕሪቦም፡፡

ብኻሊእ ወገን ሓላፊ ርክብ ህዝቢ ወሃቢ ቓል ኮሚሽን ብሄራዊ ምኽክር ኣይተ ጥበቡ ሰሎሞን ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፤ ብዘይካ ኣብ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ኣብ ካልኦት ክልላት ኣብቲ ምኽክር ብስፍሓትን ኣሳታፊን ብዝኾነ መልክዑ ሰፊሕ ግዜ ተዋሂብዎ ኣጀንዳ ናይ ምእካብ ስራሕ እናተሰርሐ ይርከብ፡፡

ሕዚ ብዘሎ ነባራዊ ኩነታት ኣብቲ ምኽክር ዘይተኻተቱ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ከም ፀገም ዋላ እንተተረኣየ፤ ኣብከይዲ እቶም ፀገማት እንትቃለሉን ኣንፃራዊ ሰላም ምስተረኽበን ክልቲኦም ኣብቲ ሃገራዊ ምኽክር ከምዝሳተፉን ናብቲ ከይዲ ዝኣትውሉ ስርዓት ብምምዕባል ናብቲ መስርሕ ንምእታው ይስራሕ ከምዘሎን ሓቢሮም።

መስርሕ ምእካብ ኣጀንዳ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ድረዳዋን ክልል ሃረሪን ኣብዝቕፅል ብምጥቃስ፤ ክሳብ ሕዚ ዝተገበረ ጉዕዞ ንኹሉ ዝሓቑፍን ኣሳታፊን ከምዝኾነ ገሊፆም። እቲ ኣሳታፊነቱ ኣብቲ ምኽክር ዝሳተፉ ኣካላት ጥራሕ ከምዘይግለፅ ብምግላፅ፤ ምስ ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ ብቀሊሉ ከምዘይረኣይ ገሊፆም።

እቲ ናይ ቅድመ ምድላውን ስራሕቲ ምድላውን መብዛሕትኡ ብግቡእ ከምዝተሰርሐ ብምጥቃስ፤ ኣብ ምዕራፍ እቲ መስርሕ ብቐንዱ ኣብቲ ጉዳይ ምርድዳእ ንምፍጣር ስራሕቲ ንቕሓት ይስራሕ ከምዘሎን ተሳተፍቲ ኣብ ዝተፈለየሎም ክልላት ድማ ስራሕቲ ምፍላይ ኣጀንዳ ይስራሕ ከምዘሎን ኣብሪሆም። ብፍላይ ኣብተን ተሳተፍቲ ዘይተለለየለን ክልላት ኣምሓራን ትግራይን እቲ መስርሕ ንምቕፃል ምስ መዳርግቲ ኣካላት ብትኹረት እናተሰርሐ ከምዘሎ ኣመልኪቶም።

ፀገም ፀጥታ ሃገርና እቲ ስራሕ ብመሰረት እቲ ትልሚ ንከይኸይድ ዕንቅፋት ምዃኑ ዝጠቐሱ ኣይተ ጥበቡ፤ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ኮሚሽን ምኽክር ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ብምሓዝ እቲ ምኽክር ካብ ዝተጣየሸሉ ኣዋጅን ዕላማን ብዘይምርዳእ ፀገማት ከምዘሎ ጠቒሶም።

ይኹን እምበር ፀገማት ብምፅዋር ጫፍ ዝወፁ ዝቐልቀሉ ኣረኣእያታት ተቓራሪብካ ብምዝታይን ኣብ ከይዲ ጉዳይ ዓቕሚ ብምህናፅን እቶም ፀገማት ንምብዳህ ይስራሕ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ብተመሳሳሊ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ጋምቤላ ከካይዶ ዝፀንሐ መስርሕ ምእካብ ኣጀንዳ ኣብዝሓለፈ ሰሙን ዝዛዘመ እንትኸውን ኣብቲ መዛዘሚ ተሳተፍቲ ኣብፃኒሕቶም ንሃገር ይጠቕም 'ዩ ዝበልዎ ኣጀንዳታት ኣኪቦም በቶም ዝመረፁዎም ኮሚቴታት ኣቢሎም ናብ ሃገራዊ ምኽክር ኮሚሽን ኣረኪቦም 'ዮም።

ኮሚሽን ኮሚሽነር ምኽክር ኣይተ መላኩ ወልደማርያም ኣብ መዛዘሚ እቲ መድረኽ ከምዝገለፅዎ፣ ኣብቲ ክልል ካብ ዝሓለፈ 22 ሓምለ 2016 ጀሚሩ ክካየድ ዝፀንሐ መስርሕ ምእካብ ኣጀንዳ ብዓወት ምዝዛሙ ብምግላፅ፤ ኣብ መስርሕ ምእካብ ኣጀንዳ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ንነባሪ ሰላምን ራህዋን ኢትዮጵያ ዕቡቕ ዝኾኑ ሓሳባት ብነፃነት ብምስታፍ ዕቡቕ ተሳትፎ ዝተረኣየሉ ከምዝነበረ ገሊፆም፡፡

ተሳተፍቲ ንህዝብን ሃገርን ይጠቕሙ 'ዮም ዝበልዎም ኣጀንዳታት ኣብ ምልላይን ምእካብን ዘርኣይዎ ንጡፍ ተሳትፎ እቲ ኮሚሽን ልዑል ምስጋና ከምዘለዎ ገሊፁ 'ዩ።

ኣብ ቀፃሊ ኢትዮጵያ ዘለዉዋ ፀገማት ብዘተ እትፈትሕ ሃገር ዝብል ሽም ክህልዋ ምእንቲ ንዘላቒ ሰላም ሃገር ዝጀመርዎ ፃዕሪ ከሐይሉ ኮሚሽነር መላኩ ሓቲቶም።

# ፅንዓትን እኹል ...

ሚኒስትር ዴኤታ ገንዘብ ኢዮብ ተካልኝ (ዶ/ር) ብወገኖም ክንከባለሉ ዝመፅኡ ሙስናን ፀገማት ሰናይ ምምሕዳርን ንትግበራ መመሓየሺ ኢኮኖሚ ዕንቅፋት ከይኮኑ ብፍላይ ናይ ትካላት ሪፎርም ከምዝጀመሩ ብምሕባር፤ ትካላት ብብቑዕ ሰብሞያታት ንክደራጀው ናይ ምግባር ስራሕ ተጀሚሩ 'ዩ። ግልጋሎታት መንግስቲ ብስርዓት ዲጂታል ንክድገፍ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ብዝበለፀ ተጠናኺሩ ከምዝቕፅሉን ፤ ናይቲ ፖሊሲ መመሓየሺ ዘላቂን ዘተኣማምንን ኢኮኖሚ ንምህናፅ መሰረት እምኒ ኹርናዕ ምዃኑ ፤ ነዚ መመሓየሺ ፖሊሲ ተግባራዊ ምግባሩ ተኸቲሉ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ፋይናንስ ሓገዛት እናገብሩ ብምዃኖምን ነዚ ተኸቲሉ 'ውን ሚኒስቴር ገንዘብ ን2017 በጀት ዕላዊ ካብ ዝገብሮ በጀት መንግስቲ ፌዴራል ብተወሳኺ በጀት ከምዘፅድቅ ኣመላኺቶም፡፡

ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ንምፅዳቅ ዝተዳለወ ልዕሊ 550 ቢሊየን ብር ኾይኑ፤ ካብዚ ድማ እቲ 240 ቢሊየን ብር ንማሕበራዊ ልምዓት ከምዝውዕልን መንግስቲ ነቲ ፖሊሲ ማክሮ ኢኮኖሚ ብዝተማልአ መልክዕ ተግባራዊ እንትገብር ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ዜጋታት ተሓሳቢ ዝገብር ምዃኑ ተዛሪቦም፡፡

እዚ ድማ ቀዋሚ ኣታዊ ዘለዎምን ብልምዓታዊ ሴፍቲኔት ንዝሕገዙ ዜጋታት እኹል ድጎማ ንምግባር ተወሳኺ በጀት ወሳኒ ግደ ከምዘልዎን እቲ ተወሳኺ በጀት ንዘይቲ፣ ንነዳዲን መድሓኒትን ድጎማ ንክውዕል ብምግባር ኣብ እዋን ትግበራ ፖሊሲ ክበፅሕ ዝኽእል ስግኣታት ኣቀዲሙ ምክልኻል ከምዝኽእልን ካብዚ ብዝሓለፈ 'ውን ሃገራዊ ወፃኢ ብናይ ባዕልኻ ኣታዊ ንምሽፋን ዝግበር ፃዕሪ ተጠናኺሩ ከምዝቕፅልን ንትግበራ እቲ ፖሊሲ ናይ ኣታዊ ዓቕሚ ብምዕባይ'ውን ወሳኒ ግደ ከምዘልዎ ሓቢሮም 'ዮም፡፡

ብተመሳሳሊ ኣብ ቀረባ እዋን መንግስቲ ተግባራዊ ኣብ ዝገበሮ መመሓየሺ ሪፎርም ማክሮ ኢኮኖሚ ከንቲባ ኣዳነች ኣቤቤ ምስ ኣባላት ማሕበረሰብ ንግዲን ኣመራርሓ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባን ዝዘተያሉ ኣመልኪተን፤ ኣብ ማሕበራዊ ድሕሪ ገፀን ብዘሕልፍኦ መልእኽቲ እቲ ሪፎርም ንሃገርና ብዙሕ ረብሓ ዘርክብ ምዃኑ ኣመላኺተን 'የን።

በዋናነት ዘላቂ ልምዓትን ኣካታቲነትን ንምርግጋፅ፣ ኩሉ ክፋል የማሕበረሰብ ተረባሒ ዝገብር ስርዓት ኢኮኖሚ ንምህናፅ፣ ፅዕንቶ ዕዳ መንግስቲ ንምቕናስ፣ ዝተረጋግዐ ተወዳዳሪን ናህሪ ዕዳጋ ንምቕናስ ዘኽእሉ ኩነታት ዕዳጋ ንምፍጣር፣ ተካኢ ምህርትታት ናብ ወፃኢ ዕዳጋ እንልእኾ ፍርያት ብምዕባይ ከምኡ'ውን ምቹው ኩነታት ኢንቨስትመንት ብምፍጣር ሸርፊ ወፃኢ ንምዕባይ ዕድል ዝፈጥር ምዃኑ ገሊፀን።

እዋናዊ ብድሆታት ንምቁፅፃር ንድኻን ታሕታዋይ ኣታዊ ዘለዎ ማሕበረሰብ ከይጉዳእ ወሰኽ መሃያ ሰራሕተኛ መንግስቲ ምውሳኽ፣ ነቲ ድኻ ምዱዓም፣ ብፍላይ ብሴፍቲኔት ዝተሓቆፉ ክፋላት ማሕበረሰብ ተረዳኢነት ብዝቕንስ መንገዲ ምሕጋዝን ከምኡ 'ውን ዕድል ስራሕ ብስፍሓት ንምፍጣር ተሓሳቢ ብዝገብረ መልክዕ ዝትግበር ምዃኑ ሓቢረን 'የን።

ኣብ ቀፃሊ 'ውን ምስ መፍረይትን መምፃእትን ብቕርበት ብምስራሕ ነቲ ዕዳጋ ዘዛብዑ፣ ብፍላይ ዝኾነ ምስ ሸርፊ ወፃኢ ርክብ ኣብ ዘይብሎም ፍርያት ግቡእ ዘይኮነ ወሰኽ ዋጋ ዝገብሩን ፍርያት ኣብ ዝሓብኡን ኣካላት ጥንክር ዝበለ ቑፅፅርን ስራሕቲ ምኽባር ሕግን ዝስራሕ ክኸውን 'ዩ።

# ስፖርት

## ፅጌ ዱጉማ ብ800 ሜትሮ ሓድሽ ታሪኽ ኣመዝጊባ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኢትዮጵያ ኣብ ኦሎምፒክ መድረኽ ብኽልቲኦም ፆታታት ብ800 ሜትሮ ፍፃመ ኣብ ሜዳልያ ውሽጢ ዝኣተወትሉ ታሪኽ የለን:: ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ኣብቲ ርሕቐት ኣብ ታሪኽ ንሜዳልያ ተሪፉ ንፍፃመ እንትውዳደሩ 'ውን ዝተለመደ ኣይኮነን:: ኣብ ናይ ሎሚ ውድድር ግን መንእሰይ ፅጌ ዱጉማ እዚ ታሪኽ ኣብ ፓሪስ ክትቕይር ክኢላ 'ያ:: ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ 800 ሜትሮ ፍፀመ ፅጌ ዱጉማ 1:57:15 ዝኾነ ናይ ውልቀ ፈጣን ሰዓት መበል ካልኣይ ኾይና ብምዝዛም ኣብቲ ታሪኽ እቲ ርሕቐት ብኽልቲኡ ፆታ ናይ መጀመርታ ሜዳልያ ዝረኸበት ኣትሌት ኾይና 'ያ:: ወርቂ ዘምለጣ 'ውን ናይ ቅሩብ ናይ ቴክኒክ ስሕተት 'ዩ:: ከም መጀመርያ ተሳትፎ ኦሎምፒክ ግና እቲ ውፅኢት ዓብይ ኣድናቖት ኣርኪቡላ 'ዩ::

ኣል 23 ዓመት መንእሰይ ኣትሌት ፅጌ ዱጉማ ናይ ጥሩነሽ ዲባባ ኣትሌቲክስ መሰልጠኒ ፍረ ከምኡ 'ውን ናይ ክለብ ንግዲ ባንኪ ኣትሌት 'ያ:: ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2017 ብኣልጀርያ ኣዳላውነት ኣብ ዝተኻየደ ትሕቲ 20 ዓመት ቻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኣፍሪካ ሃገራ ብምውካል ብ200 ሜትሮ ሜዳልያ ብሩር ምስዓር ክኢላ 'ያ:: ብ400 ሜትሮ ድማ ካብ 2019 ክሳብ 2022 ብተኸታታሊ ኣብ ኢትዮጵያ ቻምፒዮና ባዓልቲ ዋና ሜዳልያ ብምኳን ፀኒሓ 'ያ:: ብ800 ሜትሮ ናይ መጀመርታ ውድድራ ኣብ ቤልጂም ብምግባር ብሰዓርነት እንትዛዝም ኣብ ቤልግሬድ ናይ ዓለም ገዛ ውሽጢ ውድድር ቱር 1:59:66 ብዝኾነ ፈጣን ሰዓት ቀዳመይቲ ነይራ 'ያ:: ኣብ ግላስኮው ናይ ውሽጢ ገዛ ቻምፒዮና ዓለም እቲ ወድድር ተቆፃፂራ ብምጉያይ ናይ መጨረሻ ዙር ብፈጣን ጉያ 2:01:90 ብዝኾነ ሰዓት ብምስዓር ኣብ ታሪኽ ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ በቲ ርሕቐት ናይ መጀመርያ ሜዳልያ ወርቂ ኣመዝጊባ 'ያ:: ኣብ ጋና ኣብ ዝተኻየደ ፀወታታት ኣፍሪካ ሜዳልያ ወርቂ ረኺባ 'ያ:: ኣብ ሎስኣንጀለስ መበል ካልኣይ ኾይና እንትትዛዝም 1:57:56 ዝኾነ ናይ ባዕላ ቅልጡፍ ሰዓት ኣመዝጊባ 'ያ:: ኣብቲ ኦሎምፒክ ጠንካራ ርብዕን ፍርቅን ፍፃመ ውድድራት ዘርኣየቶ ብቕዓት ንመዳልያ ትፅቢት ንክግበረላ ኾይኑ 'ዩ::





ትፅቢት ዝተገበረሉ ናይ ደቂ ኣንስትዮ 5ሽሕ ሜትሮ ውድድር ኢትዮጵያ ካብ ሽድሽተ ኦሎምፒክ ንመጀመርያ ግዜ ካብ ሜዳልያ ወፃኢ ኾይና 'ያ:: ኬንያውያን ቢትሪስ ቺቤትን ፌይዝ ኪፕዮጎን ተኸታቲለን እንተኣተዋ 'ውን ኪፕዮጎን ኣብቲ ውድድር ኣብ ማእኸል ምስ ጉዳፍ ኣብ ዝነበራ ምድፍፋእ ውፅኢታ ተሰሪዙ 'ዩ:: በዚ ድማ መበል ሳልሳይ ኾይና ዝዛዘመት ኔዘርላንዳዊት ሲፈን እቲ ብሩር ወሲዳ 'ያ:: ዓብይ ግምት ተዋሂብዎም ዝነበረ ኢትዮጵያውያን እጅጋየሁ ታዬ መበል ሻድሻይ ፣ መዲና ኢሳ መበል ሻውዓይ፣ ጉዳፍ ፀጋይ መበል ታሽዓይ ኾይነን ዛዚመን 'የን:: እዚ ድማ ድሕሪ 24 ዓመት ንኢትዮጵያ በቲ ርሕቐት ትሑት ውፅኢት ኾይኑ ተመዝጊቡ 'ዩ::

ኢትዮጵያ ቅድሚ ኸዚ ብዝተመዝገቡ ውፅኢት ብሓፈሻ 3ወርቂ ፣ 1ብሩርን 5 ነሓስ ካብ ዓለም ቀዳማይቲ ዕውቲ ሃገር 'ያ:: ኬንያ ብ2 ወርቂ ፣1ብሩርን 5ነሓስን ተኸታሊት 'ያ::

## ዝኽሪ ኣሰር "ሉሲ"ን ሓድጊ መልካ ቁንጡሬ ባልጪትን

ኣብረሃ ሓጎሰ

ኢትዮጵያ ዘርኢ ወዲ ሰብ ዝተረኸበላ፣ ጥንታዊ ስልጣነ፣ ባህልን ታሪኽን ዘለዋ ኮይና ብዛዕባ ጥንታዊ ስልጣነ ዝገልፁ ኣብ ልዕሊን ትሕትን ምድሪ በዙሓት መረዳእታታት ዝርከበላ 'ያ። ኣብ ልዕሊ ምድሪ ካብ ዝረከቡ ጥንታዊ ሃፍቲታት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ምሰቲ ዘለዋ ባህላዊ፣ ታሪኻውን ተፈጥራውን ሃፍቲ ተኣሳሲሩ ክለምዕ ዝግበኦ ሰፊሕ ሃፍቲ ቱሪዝም ኣለዋ። ከምዝፍለጥ ቱሪዝም ኣብ ምድንፋዕ ዓቕሚ ምጣነ ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር ዝለዓለ ግደ ኣለዎ። ቱሪዝም ንሓንቲ ሃገር ዘለዎ ኢኮኖሚያውን ማሕበራዉን ረብሓ 'ውን ቀሊል ኣይኮነን።

ኣብዛ ሃገር ብደቂ ወፃኢ ይኹን ብደቂ ሃገር ዓቢይ ናእዳን ኣድናቖትን ክብሪን ዝተለገሶም ብዙሓት ሓድግታት ይርከቡ 'ዮም። ቀሊል ዘይብሃሉ ባህላዊ፣ ታሪኻዊን ተፈጠሮኣውን ዝድህሰሱን ዘይድህሰሱን ሓድግታት ኣብ መዝገብ ዩኒስኮ 'ውን ተመዝጊቦም ይርከቡ 'ዮም። እዞም ሓድግታት በፃሕቲ ዓዲ ንምስሓብ ልዑል ዓቕሚ ኣለዎም:: እዞም ሓድግታት እዚኦም ስልጣነ ቐዳሞት ወለዲ ገሊፆም ዘርእዩ 'ዮም።

ነዚ ሓቂ ዘጠናኽር ድማ ቦታ ኣርኪዮሎጂን ፓሊዮንቶሎጂን መልካ ቁንጡሬ ባልጪት ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህሊን (ዩኔስኮ) ሓድጊ ዓለም ብምኳን ተመዝጊቡ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሃገረ ህንዲ ከተማ ኒው ዴልሂ ዘተኻየደ መበል 46 ዓመታዊ ዓለም ለኸ ጉባኤ ሓድጊ ዩኔስኮ ቦታ ኣርኪዮሎጂን ፓሊዮንቶሎጂን ባልጪት ሰለስተ መለክዒታት ብምምላእ ሓድጊ ዓለም ኮይኑ ተመዝጊቡ 'ዩ:: እቲ ቦታ ሓድጊ ዓለም ንኽኸውን ካብ ዘብቅዑዎ መለክዒታት ሓደ ልዕሊ 2 ነጥቢ 5 ሚሊየን ዓመት ክሳብ ናይ መወዳእታ ዘበነ እምኒ ወዲ ሰብ ይጥቀመሎም ዝነበሩ ናይ እምኒ መገልገሊ ዝርከቡሉ



ምኳኑን ክሳብ 2 ነጥቢ 5 ሚሊየን ዓመት ዕድመ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ሓድጊ ኣካላት ሰብን እንስሳትን ብበዝሒ ዝርከቡሉ ቦታ ብሙኳኑ 'ውን ተሓቢሩ 'ዩ::

ሚንስትር ቱሪዝም ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ ነቲ ጉባኤ ኣብ ዝለኣኸኦ መልእኽቲ እዚ ቅርሲ ዝተመዝገበሉ እዋን ሉሲ ዝተረኸበትሉ መበል 50 ዓመት ኣብ ዝኽበረሉ እዋን ምኳኑ ንሃገርና ዓብይ ትርጉም ዘለዎ ምኳኑ ብመግላፅ፤ እቲ ሓድጊ ተሓሊዩ ንክፀንሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣድላዪ ዘበለ ኩሉ ከምዝገብር ኣረጋጊፀን 'የን ::

ከምዝፍለጥ ብሳይንሳዊ ሹማ «ኣውስትራሎፒቲከስ ኣፋራንሲስ» ብዝብል እትፍለጥ 3.2 ሚሊዮን ዓመት ዕድመ ዘለዋ ኣሰር ሉሲ ዝተረኸበሉ መበል 50 ዓመት፤ "ፍርቂ ሚኢቲ ዓመት ምርካብ ድንቅነሽ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ሙሉእ ዓመት እናተኸበረ 'ዩ ዝርከብ:: ነዚ በዓል ንምስታፍ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዓለም ዝመፅኡ ልዕሊ 200 ዓለም ለኸ ሳይንቲስታት ኣብ ዘተፈላለዩ መስሕባት ዑደት ኣሳሊጦምን የሳልጡን ኣለው።

ነዚ ዝኽሪ በዓል ምኽንያት ብምግባር 'ውን ማሕበር ፖለንትሮፖሎጂስት ምብራቅ ኣፍሪካ ዓመታዊ ጉባኤኡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝገበረ እንትኾን፤ ሉሲ ወይ

### መኣዲ ጥበብ

ድንቅነሽ ምርካባ ናይ ኢትዮጵያን ምድሪ ቀዳሞትነት ንዓለም ዘብሰረን መፅናዕቲ ኣመፃፅኣ ወዲሰብ ትኹረቱ ናብ ኢትዮጵያ ዝገበረ ተርእዮ ከምዝኾነ ተገሊፁ 'ዩ:: ናብ ጉዳይ ሓድግታትና እንትንምለስ፤ መልካ ቁንጡሬ ባልጪት ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ቡታጂራ ኣብ ዝወስድ መንገዲ 50 ኪሎ ሜትር ርቀት ኣብ ደንደስ ሩባ ኣዋሽ ዝርከብ እንትኾን፤ ኢትዮጵያ ኣብ ዩኔስኮ ካብ ዘመዝገበቶም ቋወምቲ ዝድህሰሱ ቅርስታት መበል 12 ኾይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ::

ቅድም ኢሉ 'ውን ከምዝፍለጥ ዩኔስኮ ክሳብ ሕዚ ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሓት ዘይድህሰሱ ሓደገታት መዝጊቡ 'ዩ:: ካብዚኦም ድማ፤ ካብ ከውሒ ተፈልፊለን ዝተሰርሓ ውቕር ኣብያተ ቤተክርስትያን ላሊበላን ሃገራዊ ፓርክ ጎቦታት ሰሜን ኣብ 1978 ተመዝጊቦም። ኣብ 1979 ቀፅሪታት ፋሲልን ካልኦት ሓወልቲታት ጎንደር፤ ኣብ 1980 ሓወልቲታት ኣኽሱም፣ ታሕተዋይ ሓጓፍ ሽንጥሮ ኣዋሽ፣ ትኹል ኣእማን ጢያታትን ኣርኪኦሎጂ ቦታት ታሕተዋይ ሓጓፍ ሽንጥሮ ኦሞን ተመዝጊቦም። ብድሕሪኡ ጥንታዊ ከተማ ጀገል ሃረር ኣብ 2006 ከምኡ'ውን ባህላዊ መልክዓ ምድሪ ኮንሶ ኣብ 2011 ዝተመዝገቡ ቅርስታት ኢትዮጵያ ኮይኖም፤ ኣብዚ ዓመት 2016 ድማ ዝሓለፈ ሰሙን ኣርኪዮሎጂን ፓሊዮንቶሎጂን መልካ ቁንጡሬ ባልጪት ሓዊሱ ባህላዊ መልክዓ ምድሪ ጌዴኦን ጎቦታት ባሌን ድማ ኣብ ወርሒ መስከረም ተመዝጊቦም 'ዮም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ካብ 47 ሃገራት ኣፍሪካ 147 ዝተመረፁ ሓድግታት ኣብ ሓድጊ ዓለም ዝተመዝገቡ እንትኸውን ካብዚኣቶም ኢትዮጵያ 12 ሓድግታት ብምምዝጋብ ኣብቲ ኣህጉር ግደ መሪሕነት ከምዝሓዘትን ካብ ኢትዮጵያ ቀፂላ ደቡብ ኣፍሪካ 10፣ ቱኒዚያን ሞሮኮን ሕድሕደን 9 ዘይድህሰሱ ሓድጊታት ከምዘመዝገባ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ::

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ